© የኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት ኢንስቲትዩት
ግንቦት/2007

በUNEP/GEP የገንዘብ ድጋፍ በመድኃኒት ዕፅዋት ጥበቃ፣ ዘለቄታዊ አጠቃቀም፣ አርክቦት እና ጥቅምተጋሪነት አቅምግንባታ ፕሮጀክት የ ታተመ

**This Publication is financially supported by UNEP/GEF project Capacity Building for Access and Benefit Sharing and Conservation and Sustainable Use of Medicinal Plants in Ethiopia**



# ናይ ጀነቲክ ሃፍት ተባፃሕነት እና ሃፍቱን ንምጥቀም ዝርከቡ ጥቅምታት ፍትሓዊ እና ዝመጣጠን ብዝኾነ ን ምክፋል ኣብ ብዝሀ ሕይወት ኮንቬንሽን ተደርኩ ዝወፀ ናይ ናጎያ ፕሮቶኮል ሰነድ እና ኣባሪ

ናይ ኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት ኢንስቲትዩትና ብትግርኛ ቋንቋ ዝተተረጎመ

ሐምሌ/2007
አዲስ አበባ

# ናይ ጀነቲክ ሃፍት ተባፃሕነት እና ሃፍቱን ንምጥቀም ዝርከቡ ጥቅምታት ፍትሓዊ እና ዝመጣጠነ ብዘኾነ ንምክፋል ኣብ ብዝሀ ሕይወት ኮንቬንሽን ተደርኩ ዝወፀ ናይ ናጎያ ፕሮቶኮል ሰነድ እና ኣባሪ

ናይ ኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት ኢንስቲትዩት ናብ ትግርኛ ቋንቋ ዝተተረጎመ

ሐምሌ/2007

ኣዲስ ኣበባ

<u>ናይኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት እንስቲትዩት ኣወራዳይሬክተር ሜልዕክቲ</u>

ናጎያ ፕሮቶኮል እ.ኣ.ኣ በ1992 በብራዚል፣ሪዮዲጄኔሮ ከተማ ዝተፈረመ ናይብዝሀ ሕይወት ኮንቬንሽን ሳልሳይ ዓላማኙ ተግባራዊነት ዝበለፀ ንምሕያል ኣብ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕነት ላይ ብምድራኽ ዝወፀዓለም ኣቀፍ ናይ ተበፃሕነት ጥቅሚ ናይ ሓባርዝጥቀሙ ሕጊ እዩ፡፡ ናይ ኮንቬንሽኑ ኣባላት ጉባኤ ኣብ 2004 እ.ኤ.ኣ

ኣብዝተኻየደ ሻወዓይኣኼበ ናይ ተባፃሕነት ጥቅሚ ዝከፋፈሉሉ ዝምልከት ዝተዋቀሪ ጊዜያዊ ኮሜቴ በዓለም አቀፍ ደረጃ ምይይጥ እና ድርድር ብምካያድ ኮንቬንሽኑ እና ናይ ኮንቬንሽኑ ዓንቀፅ 15 (የጀነቲክ ሃፍት ተባፃሕነት) እና ዓንቀፅ 8 (በ) (ባህላዊ ፍልጠት) እና የኮንቬንሽኑን ሰለስቱኡ ዓላሚታትዕዉት ብዝኾነ ኩነታት ንምትግባር ስልጣን ሀብዎ እዩ፡፡

ካብ ሽድሽተ ዓመታት ድሕሪ ድርድር ኣብ ጃፓን ሀገር ኣብ ናጎያ ከተማ እ.ኤ.አ ኣብ ጥቅምቲ 29 ዕለት/2010 ኣብዝተኻየደ ናይ አባላት ጉባኤ ዓስራይ ኣኼበ ፀዱቁ እዩ፡፡ፕሮቶኮሉ በጀነቲክ ሃፍት ተባፃሕነት እና ሃፍቱን ካብ ምጥቃም ዝርከቡ ጥቅምታትፍትሓዊ እናዝመጣጠን ኣብዝኾነ ኩነታት ንምክፋል ኣብ ብዝሀ ሕይወት ስምምነት ብምድራኽ የናጎያ ፕሮቶኮል ሰነድ ተፈሩሙ እዩ፡፡ ፕሮቶኮሉ ንጀነቲክ ሃፍት መቕረብቲ እና ተጠቀምቲ ናይ ሕጊ ብምድላዉ ግልጽነትን ብምግባር ጠንካራ ማሰረት ከምዝነብር በምግባር ንኮንቬንሽኑ ሳልሳይ ዓላማ ተግባራዊ ዓቢይ አስተዋጽኦ ይገብር፡፡

ናይ ኢትዮጵያ ፈደራላዊ ዲሞክራሲያዊ መንግስት ፕሮቶኮሉ ተቀበሉ2010 እ.አ.አፅደቁ እዩ፡፡

ኣብ ተግባር ከይዲ ዝፍጠሩ አሻሚ ጉዳያት ንምፍታሕ ኣብ ፕሮቶኮሉ ዓንቀፅ**36** ስር ዝተዘረዘሩ ቁንቁተት ወሳኒ እንተኾነናይ ኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት እንስቲትዩት ፕሮቶኮሉ ናይ ጀነቲክ ሃፍት ተባፃሕነት እና ባህላዊ ፍልጠትሓለዋ እና ነባራዊ ኣጠቃቅማ ኣብዘለዎ ፈይዳ አንፃር ናይ አገራችን ማሕበረሰቦች ብዝግባእ ተረዳዱኡ ተጠቃሚ ክኾኑፕሮቶኮሉ ወደ ትግርኛ ቋንቋ ተተርጉሙካምዝሕተምገ ይሩ፡፡

ናይ አገራችን ሕዝቦች ናይ ነጎያ ፕሮቶኮል ንብዝሀ ሕይወት ሃፍትና ባህላዊ ተተሓሓዚ ፍልጠት ሓለዋ፣ካብ ስሩ አጠቃቀምና በተለይ ናይ ፍትሓዊ እናዝመጣጠን ጥቅሚ ምክፋል ዓላማን ንምካካዕ አንፃር ዘሎ ዝለዓለ አበርክቶብምሕጋዝንሕጉ ብዝተማለአ ኩነታት ተግባራዊ ንሞኻን ብፅሕቶም ከምዝወፀኡይሓትት፡፡

ዶ.ር ገመዱ ዳሌ

ናይ ኢትዮጵያ ብዝሀ ሕይወት እንስቲትዩት ኣወራ ዳይሬክተር

ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ቤት ፅሕፈት

ሕቡራት መንግስታት ናይ ከባቢያዊ ኘሮግራም

413 ሴንትጃኮስ መንገዲ ናብ ምዕራብ ገፅ 800

ሞንቴሪያል ኩሌክ ካናዳ ኤች 2 ዋይ ኣይ ኤን 9

ስልኪ +1 (514)288 22 20
ፋክሲ +1 (514) 288 6588

ኢሜይል secretariat@cbd.int

ዌብ ሳይት www.cbd.int. ናይ ናጎያ ኘሮቶኮል

2011 ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ቤት ፅሕፈት

ኩሉም ማሳላት ዝተሓለው ዮም፡ ማሳሉ ዝተሓለወሉኣብ2011 ከም ኤ.ኣ

ኣብ ካናዳ ተሓቲሙ፡

ኣስቢን፡ 92-9225-305-0

እዚ ሕታም እዚ ንትምሕርቲን ትርፊ ንዘየምፁኡ ሃገራት ፍሉይ ፈቃድ ካብ ማሰል ዘለዎም ትካላት ከይሓተቱ ተራቢሑ ክፃሓፍ ይካኣል ዩ፡፡ ነቲ ሕታም ዝረከብሉ ትካል ግና ኣፍልጦ ክሕቡ ይግባእ፡፡

ናይቲ ስምምዕ ቤት ፅሕፈት ግና ነዚ ዶክመንት ከምፍልፍል ዝጥቀሙ ሰባትን ትካላትን ናይቲ ዶክመንት ሓደ ቅዳሕ ክላኣኹሉ ይምነ ዮ፡፡

## ናይ ካታሎግ ሪከርድ

ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲን ረብሓምወዓልን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ናጎያ ኘሮቶኮል ተባሒሉ ይፅዋእ፡፡ ፅሓፋት/ ተወሳኪ ሚዳእታን/ ናይ ባዮሎጂካል ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ቤት ፅሕፈት ማጠቃለሊ - እዚ ዶክመንት እዚ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲ ንረብሓምወዓል ዝብል ናይ ናጎያ ኘሮቶኮልን ናይ ባዮሎጂካል ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ዝብል ብዚ ሓታሚ ዝቀረበ ፅሓፋትን ተወሳኪ ሚዳእታን ሒዙ ይርከብ፡

ኣስቢን 92-9225-305-0

1. ናይ ብዝሃ ሕይወት ኣተሓላለዋ - ሕጊን ማምርሐን 2. ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣታሓለለዋ ሕጊን ማምርሕን 3. ብዝሃ ሕይወት - ዓለም ለኸ ምትሕበባር 4. ናይ ብዝሃ ሕይወት ኣታሓላልዋ

I. ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ (1992) ኘሮቶኮልስ 2010 2 28 ጥቅምቲ ፣

II. ኸሉም ወገናት ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ዝገበርሉ ኮንፈረንስ (2010 ናጎያ ጃፓን)

III. III ሕቡራት መንግስታት ኬ 3488 ኤ 48.2011

ንተወሳኪ ሚዳእታ ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ቤት ፅሕፈት ብምርካብ ምሕታት ይካኣል ዩ፡፡

ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሕነት ብኣግባብን ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋል ኣብዝህብዎ ጥቅሚ ተረባሒ ንምዃን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ፣

ፅሓፋትን ተወሳኪ ሚዳእታን

# ናይናጎያፕሮቶኮል

ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታትተበፃሐነት ብኣግባብን ሜኸረ ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋል ኣብዝሀብዎ ጥቅሚ ተረባሒ ንምዃን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ

ፅሐፋትን ተወሳኪ ሚዳእታን

# ናይናጎያኘሮቶኮል

ናይ ዘረማዊ ሃፍቲታትተበፃሐነት ብኣግባብን ሜዛረ ብዝኾነ ማንገዲ ምክፍፋል ኣብዝሀብዎ ጥቅሚ ተረባሒ ንምሗን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዔ

ፅሑፋትን ተወሳኪ ሚዳእታን

ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዔ ሴክሪታሪያት

ሞንተሪያል

ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዔ

ሕቡራት መንግስታት

# ***መእተዊ***

ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ንፈርማ ዝተዳለወሉ ዕለት ብ5 ሰነ 1992 ኢንቫሮንመንት ኤንድ ዲቨሎፕመንት ብዝብል ርዕሲ-ብሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝተካየደ ኮንፈረስን እድ፡፡ (ዘ ሪዮ ኧርዝ ሰሚት) ናብ ተግባር ዝኣተወ ድማ ብ 29 ታሕሳስ 1993 እዩ፡፡ እዚ ስምምዕ እዚ ንብዝሃ ሕይወት ዝጠምት ዓለምለኸ መሳርሒ እዩ፡፡

ናይቲ ስምምዕ 3ተ ዕላማታት ንብዝሃ ሕይወት ምዕቃብ፣ ቀፃላይነት ዘለዎ ረብሓ ምርካብ፣ ፍትሓዊን ሚዛን ብዝኾነ መንገዲ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ምጥቃም ዝብሉ እዮም፡

ነቶም ዕላማታት ናብ ተግባር ንምውዓል ቀፃላይነት ዘለዎ ስሌት ንምምፃዕ ዝዓለመ ዓለም ለኸ ኣኼብ ብመስከረም 2002 ኣብ ጆሃንስበርግ ተሳሊጡ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ኣኼብ ነቲ ስምምዕ ናብ ተግባር ንምውዓል ፃወኢት ቀሪቡ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ስምምዕ ኮንፈረንስ ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ብ2004 ኣብቲ ዝተገበረ ሻወኣይ ኣኼብ ስምምዕ ምኳኖም ገሊፆም እዮም፡ ብዓለም መንግሥታት ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሕነት ንምርግጋፅን ብኣግባቡ ንምጥቃምን ብኣንቀፅ 15 ዝተገለፀን (ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲ ተበፀሓነት) ብ8 (ኣይ) (ባህላዊ ፍልጠት) ነቲ ስምምዕን ንዝሓዞም 3ተ ዕላማታት ብኣግባቡ ንምፍፃም ተሰማሚዖም እዮም፡

እቲ ምስምማዕ ካብ ዝፍፀም ድሕሪ ሽድሽተ ዓመት ናይ ናጎያ ፕሮቶኮል ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሕነትን ብኣግባብን ሚዛን ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋል ዘለዎም ጥቅሚ ተረባሒ ንምኳን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ብ29 ጥቅምቲ 2010 ኣብ ናጎያ ጃፓን ኣብ ዝተገበረ ዓስራይ ኣኼብ ኣፍቲ ኮንፈረንስ ኩሎም ወገናት ተሰማሚዖምሉ እዮም፡

እዚ ፕሮቶኮል እዚ ብፍላይ ነቲ ሳልሳይ ዕላማ ድልዱል ዝኾነ መሰረት ብምቅማጽ ሕጋዊን ግልፅነት ዘለዎ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ንምጥቃም ኣብ ስምምዕ በፂሑ እዩ፡፡ እቶም ኣባላት ካብ ሃገሮም ወፅጢ ምዝ ዘሎ ሕጊ እቲ ፕሮቶኮል ምጥዕዓም ክነብሮ ፍሉይ ጠመት ገይሩ ሪኦዎ እዩ፡፡ ነቲ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣጠቓቅማ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ኣፈላላይ ከፍሕልዎ ብዝተካኣለማጠን ንምስትክካል ፃእሪ ተገይሩ እዩ፡፡ብተወሳኪውን እቲ ፕሮቶኮል ናይ ባህላዊ ፍልጠት ኣድላይነት ከምዝለዎ ከምኡውንናይቶም ሃገራት ማሕበረሰባት ነቶም ዘረመላዊ ሃፍቲታት እንተተረዳኡም ናይ ባዕሎም እጃም ኣብቲ ኣጠቓቕማ ክፃወቱ ከምዝእክእሉ ተሓቢሩ እዩ፡፡

ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣቃቀማ ብምትብባዕን ባህላዊ ፍልጠት ብምጥቃም ፍትሓዊን ሚዛረን ዝኾነ ኣጠቓቀማ ንምጥንካር ናይ ባዕሉ እጃም ክፃወት ይክእል እዩ፡፡ እቲ ፕሮቶኮል ናይ ብዝሃ ሕይወት ቀፃላይነት ክሕልዎ ንምግባር ንሰባት መተባብዒ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ ኢሉ ኣቀሚጡ ኣሎ፡

ናይ ናጎያ ፕሮቶኮል ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፅኒነት ብኣግባብን ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋል ዘለዎም ጥቅሚ ተረባሒ ንምኳን ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ፣

## ነዚ ፕሮቶኮል እዚ ዝፈረሙ ወገናት፣

ኣብዚ ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ዝፈፀሙ ወገናት ድሕሪ ሕዚ ተሰማሚኢ" ተብሒልም ይፅወኡ፡፡

ፍትሓዊን ሚዛረ ዝኮነ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣጠቃቀማ ካብተን ሰለስተ ቀንዲ ዕላማታት ናይቲ ስምምዕ ሓደ ኣካል እዩ፡፡ ነዚ ርዱእ ብምግባር እቲ ፕሮቶኮል በቲ ስምምዕ ማዕረት እቲ ዕላማ ተግባራዊ ክኸውን የሐተት፡፡

እቶም ሃገራት ዘለዎም ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ናይ ምጥቃም ሉኣላዊ ዝኾነ ማዕል ኣለዎም፡ በቲ ስምምዕ ማዕረት

ኣንቀፅ 15 ናይቲ ስምምዕኣካል ኾይኑ ይጥቀስ፣

ቀፃሊ ዝኾነ ዕብየት ሃገራት ንምምፅእ ናይ ቴክኖሎጂ ስግግርምግባር፣ መፅናዕቲታትን ፈጠራታትን ምትግባር ኣድላይን ዝልዓለተራ ከምዝለዎብምግንዛብ ዝዓብዩ ሃገራት ብዘረመላዊ ሃፍትታት ክጥቀምሉ ብኣንቀፅ 16ን 19ን ኣብቲ ስምምዕ ተገሊፁ ኣሎ፡

ናይ ብዝሃ ሕይወትን ናይ ስነምሕዳርን ዘለዎም ናይ ኢኮኖሚ ጥቅሚ ነቲ ሕዝቢ ብምርዳእ ነዚ ጥቅሚ እዚ ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኮነ መንገዲ ንረብሓምወዓል ንብዝሃ ሕይወት ቀንዲ ዝኾነ መተባብዒ እዩ፡፡ ተባፃሐነት ዘለዎም ሃገራት ብሓባር ምጥቃም ንብዝሃ ሕይወት ምክንካንን ቀፃሊነት ዘለዎ ዕብየት ንከምፅ ድኽነት ምውጋድን ከባቢኻ ምፅባቅን ናይ ሚሊኒየም ዕብየት ዕላማታት ምስካዕ ከምዝኾነ ምግንዛብ፣

ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሐነት ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲ ዘለዎም ረብሓታት ምምቃል ምትእስሳር ከምዝለዎም ምግንዛብ የዘረመላዊ ሃፍቲታት ተባፃሐነት ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኾነ መንገድ ምጥቃም ሕጋዊ ዝኾነ ማዕረት ዘለዎ ምዃኑ ምርዳእ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተጠቃሚ ዝኾኑን ኣቕራቢ ዝኾኑን ሰባት ፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኮነ መንገዲ ንምጥቃም ክስማምዑ ከለው ብዝተወሰኑ ቃላት ዘለዎም ትርጉም ክፈልጠኦ ክስምምዑን ይግባእ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ተበፃሐነት ሚዛረ ብዝኾነ መንገዲ ንኩሉ ንክባፃሕ ደቀ ኣንስትዮ ዘለዎም ተራ ብቐሊሉ ከምዝይግለፅ ምርዳእ ይግባእ፡፡ ፖሊሲ ክቕረፅ እንከሎ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሳታፍይነት ኣብ ግምት ክኣትው ይግባእ፡፡ ኣብ ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕውን ናይ ደቂ ኣንስቲዮ ተግባራት ኣብ ግምት ይእተው፡፡

ነቲ ስምምዕ ብፅበቅ ኹነታት ንዝተግበረ ወገን ተወሳኺ ሃገዝ ንምግባር ወሳነ ምሕላፍ፣

ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኮነ መንገዲተረባሒ ንምዃን ተወሳኺ ዝኾኑ ፈጠራታትን መፍትሒታትን ምጥቃም ኣብ ግምት ምእታው፡፡ ባህላዊ ዝኾነ ፍልጠት ብፍላይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ንምጥቃም ኣድላይ እዩ፡፡

ሃፍቲ ዘረመል ንምግቢ ደሕንነት፣ ንሕብረተሰብ ጥዕና፣ ንብዝሃ ሕይወት ምክንካን፣ ኹነታት ኣየር ለወጢ ከይዛባዕ ናይ ባዕሉ እጃም ከምዝፃወት ምግንዛብ፣

ናይ ሕርሻ ብዝሃ ሕይወት ዝተፈለየ ኣፈጣጠራ ከምዝለዎ ነዚ ዝተፈለየ ኩነታትን ፀገምን ዝተፈለየ ፍታሕ ከምዝድሊዩ ምግንዛብ ኩሎም ሃገራት ብሃፍቲ ዘረመል ንምግቢን ንሕርሻን ባእሎም ብዝማዕሉም መንገዲ ናይ ምጥቃም ማዕል ከምዝለዎን ካብዚ ብተወሳኺ ሃገራት ብዘለዎም ፍሉይ ዝኾነ ተፈጢሮ ናይ ምግቢ ደሕንነት ንምርግጋፅ ብዓለም ቀፃሊነት ዘለዎ ዕብየት ሕርሻ ብምምፃእ ደኽነት ንምጥፋእን ኹነታት ኣየር ለወጢ ከየጋጥም ከምዝሰርሑ ምግንዛብ፡፡ ብዓለም ለኸ ደረጃ ዝተኻየዱ ናይ ዕፅዋት

ዘረመላዊ  ሃፍቲ ንምግቢን  ንሕርሻን ዝምልከት ስምምዕ ዘለዎም ግደ ምግንዛብ፡፡ ኣብ ፋኦ ኮሚሽን ዝተገብረ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲ ስምምዕ ንምግብን ንሕርሻን ኣጥሚርካ ምርኣይ ይግባእ፡፡

ናይ ዓለም ለኸ ጥዕና ሕጊ (2005) ትካል ጥዕና ዓለም ንኹሉ ናይአለም ሕዝቢ ተበፃሐምኻኑ ኣድላይነት ከምዘለዎ እዚ ድማ ሕዝቢ ጥዕንኡ ንምሕላው ድልው ክኸውን  ከምዝገብሮ ምግንዛብ  ኣብ ካልኣት ዓለምላኸ ፎርማት ዝግበሩ ስራሕቲ ብፍላይ ኣብ ተበፃሕነትን ኣብ ጥቅሚ ምምቕቃል ዘለው ተግባራት ምትብባዕ፡፡

ብዝተፈላለየ መንገዲታት አቢልካ  ተበፃሕነትን ዝተረኸቡ ጥቅሚታት  ምክፋልን ብዓለም ለኸ ምስምምዕ ናይ ዕፅዋት ዘረሜል ሃፍቲታት ንምግቢን ንሕርሻን ብዝተመጣጠነ ሜልክእ ምስቲ ስምምዕ ክኣብይ ምግባር የድሊ፣

ብዓለም ለኸ  ዘገልግሉ ማርሒታት  ብፍላይ  ተባፃሐነትን ጥቅሚታት  ምክፋልን ናይቲ ስምምዕ ዕለማ ኣብ ሽትኡ ንምበፃሕ ተባሒሉ  ክዳለው ይግባእ፡፡

ናይቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 8 (ኣይ) ምስ ባህላዊ ፍልጠት ዝተኣሳሰረ፣ምስ ዘረመላዊ  ሃፍቲታትን ፍትሓዊን ሚዛረ ብዘኾነ  መንገዲ ንጥቅሚታት ምክፋል ማሰረት ገይሩ ኣብ ረብሓምወዓል ይግባእ፡፡

ኣብ ዘረመላዊ ሃፍቲታትን ኣብ ባህላዊ ፍልጠት ኣብ መንገኦም  ስጡም ዝኾነ ምትእስሳር ከምዝሎ ምፍላጥ፡፡ ኣብ ዓዲ ወሽጥን ካብ ወፃእ ዓዲ  ዝመፁ ሃገራት  ዘይፈላለይ  ባሕሪ ከምዝለም  ምርዳእ፡፡  ናይ ባህላዊ  ፍልጠት ኣድላይነት ምርዳእ፡፡   እዚወን  ንብዝሃ ሕይወት ዓቅቢካ ንምካድ  ብኣግባቡ ንምጥቃምን ንብዝሃሕይወት አቅቢኻ ንምካድ ብኣግባቡ ንምጥቃም ነቲ ማሕበረሰብ ቀፃሊነት  ዓብይ ግደ ኣለዎም፡፡

ናይ ባህላዊ ፍልጠት ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታትዝረከበሉዝተትሓዘሉን  ኣብቲ ተወላዲን ኣብቲ ሃገር  ዝነብር ማሕበረሰብ ወስጢ እዩ፡፡ እዚ ድማ ንዘሎ ኩነታት ኣፈላላይ ክኸወን ናይ ባዕሉ እጃም ይፃወት ከምዝሎ ምግንዛብ ኣብቲ ዓዲ ዝርኸቡ ሰባትን ኣብኡ ዝነብሩ ማሕበረሰባትን ናይ ባህላዊ ፍልጠት ባዓልዋናን ሕጋዊነት ዘለዎ ምኩኖም ብፍላይ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታትኣብማሕበረሰብ ወናኒን ወሰኒን ምኳኖም  ምግንዛብ ባህላዊ ፍልጠት ፍሉይ  ዝኾነ ምትእስሳር ምስ ዘረመላዊ  ሃፍቲታት ከምዘለዎ ብቃል ይኹን ብዶክመንት ወይ ድማ  ብካልእ መንገዲ  ክርከብ ከምዝክእል፣ ዕመቅ ዝኾነ ባህላዊ ሃድጊታት ንብዝሃ  ሕይወት  ቀፃላይነት ዘለዎ ጥቅሚ ንክሕብን ኣቂብኻ ንምቅማጥ  ፍሉይ ዝኾነ ግሊጋሎት ይሕቡ እዮም፡፡

ሕቡራት መንግስታት ናይ ሕብረተሰብ ማሳላት ንምኽባር ሕጊ ከምዝወፀኦ ምግንዛብ፣

ነዚ ዝምልከት ኣብቲ ኘሮቶኮል ዝርኸቡ ናይ ሰብ ማሳላት ክሕልው እዮም ተባሒሉም ተቀባሊነት ዝርኸቡ ኣንቀፃት  ከምዝዕብ ቀሪቦም ኣለው፡፡

## ኣንቀጽ 1
## ዕላማ

ናይዚ ፕሮቶኮል እዚ ዕላማ ዘረመላዊ ሃፍቲታትፍትሓዊን ሚዛረ ብዝኾነ ማንገዲ ንምጥቃም ዝኣለመ ኾይኑ ብተወሳኺውን ዘረመላዊ ሃፍቲታትተበፃሕቶም ብኣግባቡን ብፅሬትን ንምክንዋን ኣድላይ ዝኾኑ ቴክኖሎጂታት ምጥቃም፡ ናይቶም ሃፍቲታት ማለ እውን ብምሕላው ብቴክኖሎጂ ንምሕጋዝ ኣድላይ ዝኾነ ሃገዝ ምግባር ናይ ብዝሃ ሕይወት ቀፃላይነት ዘለዎ ማንገዲ ንምጥቃምን ንምሕላውን ዝዓለመ እዩ፡፡

## ኣንቀጽ 2
## ናይ ቃላት ኣጠቓቕማ

ኣብ ኣንቀፅ 2 ዝተጠቀሱ ናይ ስምምዕ ቃላት ኣብዚ ፕሮቶኮልውን ዝንጥቀመሎም ይግባእ፡፡ ብተወሳኺውን ነቲ ፕሮቶኮል ዘግልግሉ ቃላት፣

(ሀ) "ናይ ተኣካቢ ወገናት ኮንፈረንስ" ማለት ኣብቲ ስምምዕ ዝነበሩ ወገናት ዘካየድዎ ኮንፈረንስ ማለት ዩ፡፡

(ለ) "ስምምዕ" ማለት ናይ ብዝሃ ሕይወት ስምምዕ ማለት ዩ

(ሐ) "ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣጠቓቕማ" ማለት ኣብ ዘረመል ወይከኣ ናይቲ ዘረመል ባዮኬሚካል ትሕዝቶ ንምፅናዕን ንምእባይን ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝምልከት ፅንዓት ምግባር ማለት ዩ፡፡ብኣንቀፅ2 ኣብቲ ስምምዕ ከምዝተጠቀሰ ባዮቴክኖሎጂ ምጥቃምውን ይካኣል እዩ፡፡

(መ) "ባዮ ቴክኖሎጂ" ኣብቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 2 ከምዝተጠቀሰ ዝኾነ ይኹን ናይ ቴክኖሎጂ ተግባራት ንስነሕይወት ሰስተም፡ ሕይወት ንዘለዎም ሃገራት ወይከዓ ካባቶም ንዝረከቡ ሃገራት ዝጠቅም እንተኮይኑ ኣማዛይሽካ ንምስራሕን ንዝተወሰነ ጥቅሚ ፕሮሰስ ንምግባር ይካኣል እዩ፡፡

(ሠ) "ድራይቬቲቭ" ማለት ብተፈጥሮ ማንገዲ ዝርኸቡ ናይ ባዮኬሚካል ውሑድ ወፅኢት ኾይኑ ካብዘረመል ፃዕቂ ወይ ከዓ ካብ ባዮሎጂካል ሜታቦሊዝም ወይከዓ ካብ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝርከብ ግና ናይ ዓሌት ትሕዝቶ ዘይክነብሮ ይክእል፡፡

## ኣንቀጽ 3
## ተፈፃሚነት

እዚ ፕሮቶኮል እዚ ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝፍፀም ኮይኑ እቲ ኣፈፃፅማ ግና በቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 15 መሰረት ዩ ዝትግበር ነዚኣም ሃፍቲታት ብኣግባብን ሚዛረ ብዝኾነ ማንገዲ ንከሉ ክባፃሕ ግድን ዩ፡፡ እዚ

ኘሮቶኮል ብተወሳኪወን ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሰረ ባህላዊ ፍልጡት ንዘለዎም ሃገራት በቲ ስምምዕ ማስረት ይትግበር እዩ፡፡

## ኣንቀፅ 4

## ምስ ዓለምለኸ ስምምዕን ማሳርሕን ዘለዎ ዝምድና ፤

1. ናይ ኘሮቶኮል ኣተገባብራ ናይቶም ዝተስማሙ ወገናት ማስልን ግበእን ክትንክፍ የብሉን፡፡ ብፍላይ ናይ ዓለምለኸ ስምምዕ ክንክእ የብሉን፡፡ ግና እዚኦም ማስላትን ግበእን ዝኾነ ጉድኣት ኣብ ብዝሃ ሕይወት ዘምፁ ተኮይኖም ተቀባሊነት ኣይነበሮምን፡፡ እዚ ኣንቀፅ እዚ ኣብዓለም ለኸ ስምምዓትን ኣብቲ ኘሮቶኮልን ናይ ላዕላዋይነት ፅልዋ ከሕድር የብሉን፡፡

2. ኣብዚ ኘሮቶኮል ወሸጢ ዘለው ሃገራት ነቶም ዝተስማሙ ወገናት ኣደላይ ዝኾኑ ዓለምለኸ ስምምዓት ካብምትግባር ንድሕሪት ኣየብሎምን፡፡ ብተወሳኪወን ፍሉይን ተረባሐነት ዘምፁ ስምምዓት ምትግባር ይክእሉ የም፡ ግና ናይቲ ስምምዕ ዕላማ ዘጻንፋ ክኾኑ የብሎምን፡፡

3. እዚ ኘሮቶኮል እዚ ክትግበር ዝግብኦ ንካልኦት ዓለምለኸማሳርሒታት ብዝሕግዛ መንገዲ ክኸውን ይግባእ፡፡ምስ ኣለምለኸ ማሳርሒታት ብሓባር ዝጠቅምን ኣደላይ ዝኾነ ስራሕ ክስራሕ ይግባእ፡፡ምስ ኣለምለኸ ትካላት ብምትሕብባር ምስራት ኣገዳሲ እዩ፡፡ ግና ምስ ናይዚ ኘሮቶኮል ስምምዕ ዕላማ ክዋቃዕ ወይከዓ ክጋጨው ኣይግባእን፡፡

4. እዚ ኘሮቶኮል እዚ ተባፃሕነትን ሜዛረ ብዝኾነ መንገዲ ተረባሐነትን ንምርግጋፅ ናብ ተግባርክኣትው ዝገብር ማሳርሒ ክኸውን ይግባእ፡፡ ፍሉይ ዝኾነ ዓለምለኸ ተበፃሐነትንተረካሐነትን ማሳርሒ ከምዝገልፆ እቲ ኘሮቶኮል ምስቲ ማሳርሒ ሜዛሮ ዝኾነ ዓቅሚ ኣለዎ፡፡ ናይቲ ስምምዕ ዕላማ ግና ክፃባእ ኣይግባኦን፡፡ እዚ ኘሮቶኮል እዚ ፍሉይ ማሳርሒ ንዝጥቀሙ ወገናት፣ ብዝተፈለየ ሜክፅ ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ንዝጥቀሙ ወገናት ዘይክሰርሕ ይክእል፡፡

## ኣንቀፅ 5

## ፍትሓዊን ሜዛረ ብዝኾነ መንገዲ ረቡሓ ምርካብ

1. ብቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 15 ሜራፍ 3ን 7ን ማስረት ብዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝርከብ ረብሓን ኣጠቃቀምኡን ክትግበር እንተሎን ክሸየጥ፣ እንተሎን ንኩሎም ወገናት ፍትሓዊን ሜዛረ ብዝኾነ መንገዲ ክከፋፈል ይግባእ፡፡ እቲ ዘረሜል ዝርከበሉ ዓዲ ወይ ከዓ ወገን በቲ ስምምዕ ማስረት ምስቲ ካልእ ወገን ተስማሚዎም ከሜይ ከምዝርብሑ ይወስኑ፡፡

2. ሕድ ሕድ ወገን ከምካነታቱ ሕጊ፣ ምምሕዳር ወይ ከዓ ኣደላይ ዝኾነ ናይ ፖሊሲ ፍታሕ ክወስድ ይክእል፡፡ እዚ ግና ናይ ዘርሜል ሃፍቲታትፍታሓዊን ሜዛረ ብዝኾነ መንገዲ ክርባሕ ኣለዎ ዝብል ነገር ከረጋግፅ ይግባእ፡፡ እዚ ሕጊ ግና ምስቲ ሃገር ሕጊ ክስማዕ ይግባእ፡፡ ኣብቲ ሃገር ዝነብሩ ሰባትን ሜሕበረሰባትን ማስል ከክብር ኣለዎ፡፡ እዚኦም ሰባት ኣብ ዘረመላዊ

ሃፍቲታትዘይንዓቁ ግደ ኣለዎም፡፡ ብምኳኑወን ነዚኦም ሃፍቲታትፍትሓዊን ሜረ ብዝኮነ መንገዲ ብምስምሜ ክርብሐይግባእ፡፡

3. ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ምዕራፍ 1 ንምትግባር ሕድ ሕድ ወገናት ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊ ወይከዓ ዝምችው ፖሊሲታት ከምኩነታቱ ከወፅኡ ይግባእ፡፡

4. ረብሓታትወን ብገንዘብ ወይከዓ ካብ ገንዘብ ወፃኢ ዝኮኑ ሃገራት ክኾኑ ይክእሉ የም፡ እዚኦም ሃገራት ድሕሪ እዚ ኘሮቶኮል ኣብ ተወሳኪ ሃገራት ተገሊፆም ዩም፡

5. ሕድ ሕድ ወገን ከምኩነታቱ ሕጊ፣ ምምሕዳራዊ ወይ ከዓ ፖሊስ ናይ ምውፃእ ስጉምቲ ክወስዱ ይክእሉ የም፡ እዚ ድማ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ምስ ባህላዊ ፍልጠት ዘለዎ ምትእስሳርን ብሓባር ተረባሒ ንምኳን ነቲ ማሕበረሰብን ነዞም ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ብሜረ ክጠቅም ይክእል ዩ፡፡

## አንቀፅ 6

## ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሕነት

1. ብተፈጥሮኦቺ ሃፍቲታት ዘለካ ናይ ሉዓላዊነት ማስል ንምትግባርን ኣብ ሃገርካ ዘሎ ሃፍቲንምበፃሕን ተረባሒ ንምኳን ዘሕግዘካ ሕጊ ወይከዓ ሕጋዊ ረቋሒታት ንዘረመላዊ ሃፍቲታትተረባሐነትወን ክጠቅም ይክእል፡፡ እዚኦም ሃፍቲታት ዘለዎም ወገናት ናይቲ ሃፍቲ ማበገሲ ሃገር እንተኮይኖም በቲ ስምምዕ ማሰረት ንካልኦት ወገናት ከካፍሉ ይክእሉ እዮም፡ ግና ብባዕላቶም ድሌት ዩ ዘካፍሉ፡፡

2. ኣብቲ ሃገር ብዘወፀ ሕጊ ማሰረት ገይርካ ሕድ ሕድ ወገናት ናይ ባዕሉ ስጉምቲ ክወስድ ይክእል እዩ፡፡ ከከምኩነታቱ፡፡ እዚ ግና ናይቲ ሃገር ተወላዶን እቲ ማሕበረሰብን ናይ ዘረሜል ሃፍቲታትተበፃሕነት ዘለዎም ማስል ከየጓደለ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ እቶም ማሕበረሰባት ካብቲ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ናይ ምጥቃም ማሱእ ማስል ስለዘለዎም እዩ፡፡

3. ካብ ላዕሊ ምዕራፍ 1 ከምዝተገለፀ ሕድ ሕድ ወገናት ኣድላይ ዝኾነ ሕጋዊ፡ ምምሕዳራዊ ወይከዓ ፖሊሲታት ቅድሚ ምውፅኦም ብመጀመሪያ ክፈልጥዎ ዝግባእ ነገር ምስቶም ዝስዕቡ ሃገራት ዝስማማዕ ክኸወን ይግባእ፡ -

(ሀ) ሕጋዊ፣ ዝተረጋገፀ፣ ግልፂ ዝኾነ፣ ተሓታታይነት ዘለዎ ኣብ ሃገር ወሽጢ ተበፃሐነትን ረብሓ ዘምፅ ሕጊ ወይከዓ መመዘኒታት ከቅርቡ ይግባእ፡፡

(ለ) ፍትሓዊን ዘየጠራጥሩን ማምርሐን ቅደም ሰዓባትን ዘለዎም ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታትተበፃሐነት ዘረጋግፁ ሕጊታት ምውፃእ

(ሐ) ኣቅደሞ ኣቢሉም ዝተገለፁ ማምርሒታት ከመይ ከምዝፍፅሙ ሚዳኢታ ምቅራብ፣

(መ) ግልፅን ተሓታታይነት ዘስዕብ ዝተፅሓፈ ወሳነ ብዝምኤከቶ ብኣልስልጣን ክቀርብ ይግባእ፡፡ እቲ ወሳነ ወፃኢ ብዝንኪ መንገዲን መዓዘ ከምዝሰራሕ እዋኑ ዝገልፅ ሚዳኢታ ክሕዝ ይግባእ፡፡

(ሠ) ተባፃሐነት ክፍፀም ከሎ ፈቃድ ወይ ከዓ ተመጣጢ ዝኾነ ሚዳአታ ክቀርብ ይግባእ፡፡ ኣብ ወሳነ ክብፃሕ ከሎ ቀደም ኣቢሉ ናይ ክልቲኦም ወገናት ስምምዕ ዝገበረለ ሚዳእታ ክቀርብ ኣለዎ፡፡ ተበፃሐነትን ረብሓ ምክፋልን ንፁር ብዝኾነ መንገዲ ክቀርብ ይግባእ፡፡

(ሰ) ናይ ሃገር ወሽጢ ሕጊ ክትግበት ከሎ መመዘኒታት ክወፅእ ይግባእ፡፡ ወይከዓ ቅድም ኣቢሉ ዝተገለፀ ነገር ሕጋዊነት ክረክብ ወይ ድማ ተቀባሊነት ዘለዎ ምኳኑ ክረጋገፅ ኣለዎ፡፡ ናይቲ ሃገር ነባሪን ማሕበረሰባትን ኣብ ዘረመላዊ ሃፍቲታትተበፃሐነት ኣዶም ኣእትዮም ክሰርሑ ይግባእ፡፡

(ሸ) ግልፂ ዝኾነ ሕጊ ምውፃእ፡፡ ኣብ ክልቲኦም ወገናት ንምስምማዕ ዘክእሉ ቃላት ምጥቃም፡ እዚኦም ቃላትወን ብፅሑፍ ኣቢሎም ክቐርቡ ይግባእ፡፡ ብተወሳኪወን

i. ዘይተቀበልዎም ቃላት ብሓረግ ኣቢሎም ምቅማጥ
ii. ረብሓ – ምምቃል ዝብሉ ቃላት ናይ ዓዕምሮ ዋኒንነት ማነልወን ከምዘጠምር ምግላፅ፣
iii. ሳልሳይ ወገናት ንዝብል ቃል ዝኾነ ሰብ ብዝብል ቃል ተጠቅም፣
iv. ናይ ሓሳብ ምልዋጥ እንተኣጋጠሙነቶም ቃላት ከምዝለው ተጠቀምም፣

## ኣንቀፅ 7

## ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ናይ ባህላዊ ፍልጠት ተበፃሐነት

ናይ ሃገር ወሽጢ ሕጊ ማስረት ገይርካ ሕድ ሕድ ወገናት ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ምስ ባህላዊ ፍልጠት ክተኣሳሰር ንምግባር ኣድላይ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ ይክእሉ ዮም፡ ብፍላይ ኣብቲ ሃገር ብዝነብሩ ሰባትን ማሕበረሰባትን እቲ ቅድም ኣቢሉ ተገሊፁ ዘሎ ተረባሓነትን ተበፃሐነትን ዕውት ንምግባር ናይ ሕጊ ኣብ ሞንጉ ምእታው ኣገዳሲ እዩ፡፡ እዚ ክኸወን ዩ ስጦም ምስምማዕ ክፍጠር ዝካኣል፡፡

## ኣንቀፅ 8

## ፍሉይ ጠምት ዝግበረሉ ነገር

ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ሕጋዊነትን ብዘለዎ መንገዲ ንምእባይን ንምትግባርን ወይከዓ ሕጋዊ መመዘኒታት ንምውፃእ ሕድ ሕድ ወገናት፣

(ሀ) ፅንዓት ንምግባር ዘድልዩ ኹነታት ምምችቻው ኣድላይ እዩ፡፡ እዚ ድማ ብባዕሉ ብዝሃ ሕይወት ቀፃሊነት ብለዎ መንገዲ ክጓዓዝ ሓገዝ ይገብር እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ምዕባዩ ዝርኸቡ ሃገራት ብዘይገንዘብ ዝፅንዑ ሃገራት ንምፍጣር ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ፡፡ እዚኦም ፅንዓታት ብእዋኑን ቅልጡፍ ብዝኾነ መንገዲ ለወጢ ከምፁኡ ምኳን ኣለዎም፡

(ለ) ብሃንደበት ዝፍጠሩ ሃደጋታት ናይ ሰብ፣ ናይ እንስሳ ወይከዓ ናይ ዕፅዋት ሕይወት ዝጉድኡ ሃገራት ጠምት ክግበረሎም ይግባእ፡፡ እዚ ድማ ብዓለምለኸ ወይከዓ በሃገር ደረጃ ኪጋጥም ዝክእል ጉድኣት ዩ፡፡ ዝምልከቶም ወገናት ድማ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታትፍትሓዊን ሜሪ ብዝኾነ መንገዲ ንክባፃሕ ጠምት ክገብሩ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ኣብዝዓብዩ ሃገራት እቲ ኩነታት ኣብይ ጠምት ክዋሃቦ ይግባእ፡፡

(ሐ) ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ንምግቢን ንሕርሻን ኣድላይ ከምዝኾኑ  ምግንዛብ፡፡ ንምግቢ ደሕንነት ዝፃወትዎ ግደ ፍሉይ ጠምት ክግበረሉ ይግባእ፡፡

## ኣንቀፅ 9

ካብ ብዝሃ ሕይወት ብቀፃላይነት ተረባሒ ንምኳንን፣ ንምሕላውን ዘለዎ ሓገዝ፣

ከሉም ወገናት ንዝጥቀሙን ንዝቀርቡን ሰባት ከተባብዑ ይግባእ፡፡ እዚኣቶም  ሰባት ቀጥተኛ ተጠቃሚ እዮም፡፡ ካብ ዘረመላዊ ሃፍቲታትተረባሒዮም፡፡ ንብዝሃ ሕይወት ብቀፃላይነት ተረባሒን  ሃላዊን ብምኳኖም ክተባብዑ ይግባእ፡፡

## ኣንቀፅ 10

## ዓለምለኸ  ናይ ሓባር ረብሓ ምምቃል ከይዲ

ከሉም ወገናት ዓለምለኸ ናይ ሓባር ረብሓ ምምቃል ከይዲ ኣብ ግምት ምእታው ኣድላይ ከምዝኾነ ክግንዘቡ ይግባእ፡፡ እዚ ድማ "ንዘረመላዊ ሃፍቲታትፍትሓዊን ሜዛሪ ብዝኾነ መንገዲ  ረብሓ ንምርካብ ኣሜራዊ ዝኾነ ኣንፈት እዩ፡፡ ብተወሳኪውን ምስዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ  ባህላዊ ፍልጠት ካብ ሃደ ዓዲ ናብ ሃደ ሃገር ክማሳለፍ ይከእል ወይከዓ ብዝተፈላለየ ምክንያት ዘይክትግበር ይክእል ዩ፡፡ ንዘረመላዊ ሃፍቲታትን ንባህላዊ ፍልጠት ዝጥቀሙ ሰባት ብዚ ከይዲ እዚ ንብዝሃ ሕይወት ብቀፃላይነት ንምጥቃምን ንምክንካንን ዘክእሉ መንገዲታት ክድግፉ ይግባእ፡፡  ነዚ ተግባር እዚ ብዓለም ለኸ ደረጃ ክትግብሩዎ ይግብኦም፡

## ኣንቀፅ 11

## ምስከሉም ሃገራት ምትሕበባር፣

1. ተመሳሳሊ ዝኾኑ ናይዘረመላዊ ሃፍቲታት ካብ ሓደብዝበልፁ ሃገራት ወሽጢ እንተተረኺቦም ከሉም ወገናት ናይ ምትሕበባር መስል ኣለዎም፡  ከምኩነታቱ ናይቶም ሃገራት ተወለድቲን ማሕበረሰብን ኣብ ግምት ክኣትው ይግባእ፡፡ ነዚ ፕሮቶኮል  ናብ ተግባር ንምልዋጥ ኣድላይ  ዝኾነ ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ፡፡

2. ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ተመሳሳሊ ዝኾነ ናይ ባህላዊ ፍልጠት  ብሓደ ወይከዓ ካብሓደ ብዝበዝሑ ናይሃገር ተወለድቲን ማሕበረሰብን  ኣብ ብዙሕ ወገናት ዝተካፈለ እንተኾይኑ እዚኦም ወገናት ከምኩነታቱ ክተሓባበሩ  ይግባእ፡፡  ናይዚ ፕሮቶኮል እዚ ዕላማ ናብ ሽትኡ ንምብፃሕ እቶም ማሕበረሰባት ኣብ ግምት ክኣትው ይግባእ፡፡

## ኣንቀጽ 12

## ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተተኣሳሰረ ባህላዊ ፍልጠት፣

1. ከሉም  ወገናት ኣብቲ ፕሮቶኮል ዝተቀመጠሉም ግበኦም ንምትግባር ኣብ ሃገሮም ዝርከብ ሕጊ ኣብ ግምት ምእታው ይግብኦም፡  ብፍላይ ነቲ  ማሕበረሰብ ዝምልከት ሕጊ ኣብቱ ፕሮቶኮል ምስቲ ዝርከብ ሕጊ ክጣዓዓም  ምግባር ኣገዳሲ ዩ፡፡

2. ኩሎም ወገናት ምስ ሃገር ተወለድቲን ምስ ማሕበረሰብን ኮይኖም ወፅኢት ንምማእ ነቶም ተወለድቲ ናይ ባህላዊ ፍልጠት ዘለዎ ረብሓ ንፁር ብዝኾነ ማንገዲ ክገልፁሉም ይግባእ፡፡ ብፍላይ ናይዘረመላዊ ሃፍቲታት ምስ ባህላዊ ፍልጠት ዘለዎ ምትእስሳት፣ ነዚ ንምግባር ናይ ሕጊ ደገፍ ከምዝሎ ኣድላይ ስጉምቲ ምውሳድ ከምዝክእሉ ክገልፀሎም ይግባእ፡፡ ነዚ ፍልጠት እዚ ፍትሓዊን ሜዛረ ብዝኸነ ማንገዲ ናብ ረብሓምወዓል ከምዝክእል ክፍለጥ ኣለዎ፡፡

3. ኩሎም ወገናት ንሃገር ተወለድቲ ሃገዝ ክገብሩሮም ይግባእ፡፡ ብፍላይ ኣብቲ ማሕበረሰብ ንዝርከባ ደቂ ኣንስቲዮ ፍሉየ ደገፍ ምግባር ኣገዳሲ ዩ፡፡

(ሀ) ናይ ማሕበረሰብ ኘሮቶኮል ናይ ባህላዊ ፍልጠት ምስ ዘረመላዊ ገብቲታት ዝተፈሳሰረ ተባፃሐነቱ ምርግጋፅ፡፡ ኣብ ፍልጠት እዚ ዝርከብ ረብሓፍትሓዊን ሜዛረ ብዝኾነ ማንገዲ ተጠቃሚይ ምኳን፣

(ለ) ብሓባር ንምስምሜ ቀሊል ዝኾነ መመዝኒታት ምጥቃም፡ ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ፍልጠት ብሓባር ንምጥቃም ፍትሓዊን ሜዛረ ብዝኾነ ማንገዲ ተረባሒ ንምኳን ደሕንነቱዎን ንምርግጋፅ ተመራፂ ማንገዲ ዩ፡፡

(ሐ) ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰሩ ባህላዊ ፍልጠት ተረባሒ ንምኳን ኩሎም ወገናት ዘስማምኦም ሞዴል ነጋሪት ክጥቀሙ ይግባእ፡፡

4. ኩሎም ወገናት ነዚ ኘሮቶኮል ንምትግባር ክንቀሳቀሱ ብዝተካኣለ ማጠን ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ባህላዊ ፍልጠት ምልወዋጥ ክግደቡ ኣይግባእን፡፡ ነዚ ስምምዕ ዕላማ ናብ ሽትኡ ንምበፃሕ ናይታ ሃገር ተወለድቲን ማሕበረሰባትን ዝገብርዎ ናይ ፍልጠት ምትሕልላፍ ክተባባዕ ይግባእ፡፡

## <u>ኣንቀፅ 13</u>

## ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈትን ተወዳዳሪነት ዘለዎ ባዓል ስልጣን

1. ሕድ ሕድ ወገን ተባፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ማሰረት ዝገበረ ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈት ከወፅእ ይግባእ፡፡

   እዚ ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈት ነዚኦም ሚዳእታታት ክጠምር ይግባእ፡፡

   (ሀ) ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሐነት ሚዳእታ ንዝደልዩ ሰባት ዘሎ ኩነታን ቅድም ኢሉ ዝተገለፁ ሃገራትን ኣብ ስምምዕ ዝተበፅሐሎም ሃገራትን ናይ ረብሓ – ምምቃልን ዝምልከቱ ሚዳእታት ምሃብ፣

   (ለ) ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰሩ ባህላዊ ፍልጠት ሚዳእታ ንዘደልዩ ሰባት ብዝተካኣለ ማጠን ቅድም ኣቢሉ ዝተገለፁ ሃገራት ወሳነ ዝተውሃበሎም ገነራት፣

ናይ ሃገር ተወለድቲን ማሕበረሰባትን ዘለዎም ኢድ ኣታዊነት ዝምልከቱ ሃገራት፣ ዝተስማምዑሎም ሃገራት ዝምልከት ሚዳእታ ምሃብ ኣድላይ እዩ፡፡

(ሐ) ተወዳዳሪነት ዘለዎም ባዓልስልጣናት ዝምልከት ሚዳእታ እንተተሓቲቱ ኣድላይ ዝኾኑ ናይ ሃገር ተወለድቲ፣ ማሕበረሰባትን ረብሓ ዘለዎም ባዓል ድርሻ ኣካላት ዝምልከት ሚዳእታ ይወሃብ፡፡

ናይ ብሄራዊ/ ሃገራዊ/ ናይ ትኩረት ኣንፈት ተፀዋዒነቱ ንዘረክቡ ሰባትን ንሴክሬታሪያትን ዩ፡፡

2. ሕድ ሕድ ወገን ምስ ሓደ ወይ ከዓ ካብ ሓደ ዝበልፁ መንግስታዊ ትካላት ናይ ረብሓ- ምምቃል ተበፃሐነት ብሓባር ክሰርሕ ይክእል ዩ፡፡ ሓላፊነት ዘለዎም ባዓል ስልጣናት ብቲ ሃገር ሕጊ ማሳረት ይሰርሑ፡
ምምሕዳራዊን ናይ ፖሊሲ ስጉምቲ ክወስዱ ይክእሉ ዩም፡ ቅድም ኣሉ ኣብ ስምምዕ ዝተበፅሐሎም ሃገራት ወን ክጥቀማሉም ይግባእ፡፡

3. ሕድ ሕድ ወገን ናይ ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈት ተፀዋዒ ዝኾነ ናይ ሃገራዊ ባዓል ስልጣናት ተግባር ንምግላፅ ሓንቲ ዓረፍተ ነገር ጥራሕ ክጥቀም ይክእል ዩ፡፡

4. ሕድ ሕድ ወገን እቲ ፕሮቶኮል ናብተግባር ከይኣተወ ኣቐዲሙ ናይ ባእሉ ሕጊ ከወፅእ ይግባእ፡፡ ነዚ ፕሮቶኮል እዚ ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈት ዝምልከቶ ባዓል ስልጣን ሚዳእታ ቀሪበሎም ክስማምዑ ይግባእ፡፡ እቲ ወገን ግና ካብ ሓደ ንዝበልፁ ባዓል ስልጣናት ኣቅሪብዎ እንተኮይኑ እቲ ፕሮቶኮል ምስ ዝርዝር ነገሩ ናብ ሴክቴታሪያት ክቀርብ ኣለዎ፡፡ ኣድላይ ዝኾኑ ሚዳእታ ንዘረመላዊ ሃፍቲታት መን ትካል ዩ ተፀዋዒነት ዘለዎ ኣሉ ብዝርዝር ክቕርብ ይግባእ፡፡ ሕድ ሕድ ወገን ኣብ ሃገራዊ ናይ ትኩረት ኣንፈት ለወጢ እንተሃልዩ ነቲ ሴክሬታሪያት ክፍልጥ ግቡእ እዩ፡፡

5. እቲ ሴክሬታሪያት ንምዕራፍ 4 ዝምልከታ ሚዳእታ ክቕርብ ይክእል ዩ፡፡ ብፍላይ ተበፃሕነትን ረብሓ ምምቃልን ንዝብሉ ቃላት ሚዳእታ ክረክብ ግድን ዩ፡፡

## <u>ኣንቀፅ 14</u>

## <u>ተበፃሐነት፣ ረብሓ ምምቃልን ሚዳእታ ምልወዋጥን</u>

1. ተበፃሐነት፣ ረብሓ ምምቃልን ሚዳእታ ምልወዋጥን ኣብዚ ዶከመንት እዚ ዘለዎ ትርጉም ሚዳእታ ናይ ምልወዋጥ ሃደ መንገዲ ዩ ኣብቲ ኣንቀፅ ብኣንቀፅ 18 ብምዕራፍ 3 ማሳረት ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ዝምልከቱ ሃገራት ሚዳእታ ናይ ምልወዋጥ ኸይዲ ዩ ሓደ መንገዲም ዩ፡፡ ብፍላይ ብሕድ ሕድ ወገናት ተበፃሐነት ዘለዎ ሚዳእታ ብምልወዋጥ ነቲ ፕሮቶኮል ዕወት ብዝኾነ መንገዲ ናብተግባር ክኣትው ግደኦም ክዋፅኡ ይግባእ፡፡

2. ኣታኣማሚኒ ሚዳእታ ምሃብን ምሕላወን ኣድላይ እንተኾነ ኳሕድ ሕድ ወገናት ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ዝምልከት ሚዳእታ ብዚ ፕሮቶኮል ማሳረት ንኸሉ ክባፃሕናይ ምግባር ግድን ኣለዎም፡ ኣብቲ ኮንአረንስ ዝተወሰኑ ወሳነታት ዝምልከት ሚዳእታ ከሎም ወገናት ክበፅሖም ይግባእ፡፡

## እቶም ሚዳእታ ዝሕዝዎም ሃገራት፣

(ሀ) ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊን ናይ ፖሊሲ ተግባር ኣብ ተበፃሐነትን ኣብ ረብሓ ምምቃልን ዝምልከት ሕድ ሕድ ናይ ትኩረት ኣንፈትን ተፀዋኢ፣

(ለ) ሃገራዊ ትካላት ዝምልከት ሚዳእታ፣

(ሐ) ፍቃድ ወይከዓ ተመጣጢ ዝኾኑ ቃላትተበፃሐነት ክካየድ ከሎ ምጥቃም እዚ ድማ ቅድም ኣቢሉ ዝተገለፁ ሃገራት ከምዝተተግበሩን ናይሃባር ስምምዕ ከምዝሎ ከምሚዳእታ ክቀርብ ይክእል፡፡

3. ኣድላይተኾይኑ ተወሰክቲ ሚዳእታታት ክቀርቡ ይካኣል ዩ፣

(ሀ) ዝምልከቶም ሃገራዊ ትካላትን ማሕበረሰባትን ዝተወሰነ ወሳነ ሚዳእታ፣

(ለ) ኣብነት ዝኾኑ ናይ ማስማሚ ሓረጋት

(ሐ) ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ንምቁፅፃርን ንምእባይን ዘግልግሉ መንገዲታትን ማርሐታትን፣

(መ) ፅቡቅ ዝኾነ ተግባራትን ናይ ኣተገባብራ መንገዲታትን

4. ናይ ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ኣተገባብራን ስምምዕን ካልኣት ዝጠምሮም ሃገራት ኣለው፡፡ ነቲ ስራሕ ዝምልከት ሪፖርት እቶም ወገናት ኣብቲ ኮንፈረንስ ብዝተስማምኡሉ ማሰረት እዩ ዝቀርብ፡፡ ከሎም ወገናት ነቲ ፕሮቶኮል ንምፍራም ንመጀመሪያ ጊዜ ዝተኣከቡሉ ጊዜ ዝወሰንዎ ወሳነ ከም ሚጋገዒ ክወሰድ ይካኣል ዩ፡፡

## ኣንቀፅ 15

ኣብ ሃገራዊ ሕጊ ክሟልኡ ዝግብኦም ሃገራት ወይከዓ ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃል ንምትግባር ዘግልግሉ ናይሕጊ መሣዝኒታት፣

1. ሕድ ሕድ ወገን ዘረመላዊ ሃፍቲታት ንምጥቃም ተስማሚ/ ወፅኢታዊ፣ ተመሳሳሊ ሕጊ፣ ምምሕዳራዊ ወይከዓ ናይ ፖሊሲ ሕጊ ክጥቀም ይግባእ፡፡ እዚኣም ሃገራት ድማ ቅድም ኣቢሉ ምስትዝተገለፀ ሃገራት ክስማሙ ኣለዎም፡ ንክሊቲኦም ወገናት ዘስማሙ ቃላትወን ክጥቀም ይግባእ፡፡ ናይ ካልእ ወገን ናይ ሕጊ መሣዝኒ ብዘይፃባእ ሜልክእ ክጥቀምሎም ግድን ዩ፡፡

2. ከሎም ወገናት ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ዘሎ ምዕራፍ 1 ማሰረት ብምግባር ተመጣጢ፣ ወፅኢታዊን ኣድላየ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ ተወዳዳራይነት ዘይብሉ ኹነታት ምምችቻው ይግብኦም፡

3. ከሎም ወገናት ብዝካኣልዎ ማጠን ናይ ሃገር ወሸጢ ተበፃሐነት ብዘይ ኣጓንፍ መንገዲ ተመጣጢ ምትሕግጋዝ ብመፍጥር ናይ ረብሓ ምምቃል ሕጊ ወይከዓ ናይ ማምርሒ መሣዝኒታት ምዕራፍ 1 ብምጥቃስ ክወፅኡ ይግባእ፡፡

## ኣንቀፅ 16

ምስ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ባህላዊ ፍልጠት ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ናይ ሕጊ ወይ ከዓ ናይ ማምርሒ መሣዝኒታት ምስ ሃገራዊ ሕጊ ምጥእኣም ይግብኦም፡

1. ሕድ ሕድ ወገን ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰረ ባህላዊ ፍልጠት ናብ ተግባር ዝወእለሉ ባይታ ንምፍጣር ተመጣጢ፣ ወፅኢታዊን ተቀራራቢን ዝኾነ ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊ ወይከዓ ፖሊሲታት ብምሕንፃፅ ናብ ተግባር ክኣቱ ይግባእ፡፡ ቅድም ኣቢሉ ዝተጠቀሱ ሕጊታት መሰረት ብምግባር ናይቲ ሃገር ተወለድቲ ሰባትን ማሕበረሰባትን እጃሞም ከወፍዩ ምግባር ኣገዳሲ ዩ፡፡ ናይ ሓባር ስምምዕ ብምፍጣር ኣብ ሃገራዊ ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ተግባራዊ ንምግባር ሕጊታት ወይከዓ ናይ ማምርሒ መመዝኒታት እቶም ሰባት ኣብዘለወሉ ዓዲ ክሰርሑ ምግባር ኣገዳሲ ዩ፡፡

2. ሕድ ሕድ ወገን ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ዘሎ ምዕራፍ 1 መሰረት ብምግባር ተመጣጢ፣ ወፅኢታዊን ኣድላይ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ ተወዳዳራይነት ዘይብሉ ኹነታት ምምችቻው ይግብኦም፡

3. ኩሎም ወገናት ብዝካኣልዎ ማጠን ናይ ሃገር ወሽጢ ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ብዘይኣጓንፉ መንገዲ ተመጣጢ ምትሕግጋዝ ብምፍጣር ነቶም ሕጊታት ወይከዓ ናይ ማምርሒ መመዝኒታት ኣብልዕሊ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ብትጠቀሰሉ መንገዲ ምስራሕ ይክእሉ ዩም -

## ኣንቀፅ 17

## ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት፣ ኣጠቓቕማ ምቁፅፃር

1. ንሕጊ ምክባር ደገፍ ንምግባር ሕድ ሕድ ወገን ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣጠቃቅማ ንምርግጋፅ ቁፅፅርን ተሓታታይነትን ንምትብባዕ ኣድላይ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ ይክእል ዩ፡፡ እቶም ስጉምቲታት ዝሕዝዎም ሃገራት፣

(ሀ) ሓደ ወይ ከዓ ብዝሕ ዝበለ ናይ መቆፃፀሪ ነጥቢታት ምወፃእ

(i). እቶም ዝወፁ መቆፃጎሪ ነጥቢታት ይእኸቡ ወይከዓ ንቅበሎም ቅድም ኣቢሉ ንዝተገለፁ ነገር ዝሕግዙ፣ ኣድላይ ሚዳእታ ናይቲ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ማበገቢ ኣበይ ከምዝኾነ ይነግረና፡፡ ብሓባር ንምስምምዕ ዘሕግዙ ቃላት ወይከዓ ናይዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣጠቃቀማ ክኸውን ይክእል፡፡

(ii) ሕድ ሕድ ወገን ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝጥቀሙ ሰባት ንምቁፅፃር ዝዳለው መቆፃፀሪ ነጥቢታት ኣድላይነት ዘለዎን ከከምኹነታቱ ዝቐያየሩ ክኸውን ይግባእ፡፡ እቲ ዝቐርብ ሚዳእታ ኣብ ላዕሊ ምዕራፍከምዝትገለፀ ዓይነት ቼክ ፓይንት ክከውን ግድን ዩ፡፡ ሕድ ሕድ ወገን ኣድላይ፣ ወፅኢታዊን ተመጣጢ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ ተወዳዳራይነት ዘይብሉ ኩነታት ምፍጣር ይግባእ፡፡

(iii) እዚኦምሚዳእታታትብተወሳኪወን ዓለምለኸ ተቀባሊነት ዘለዎ ናይ ወድድር ሰርተፊኬት ከምኣድላየነቱሓቢሩ ይቀርብ፡፡ ኣታኣማሚ ሚዳእታ እንተሃልዩ ግና ንዝምልከቶም ብሄራዊ

ትካላት ክቀርብ ይክእል፡፡ ከምኩነታቱወን ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ነቶም ወገናት ክቀርብ ኣለዎ፡፡

(iv) መቖፃፀሪ ነጥቢታት ወፅኢታዊ ክኾኑ ይግባእ፡፡ኣብ ንዑስ ምዕራፍ፣

(ሀ) ንዝተገለፁ ነገር ንምትግባር ኣብይ ተራ ከፃውቱ ይግባእ፡፡ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ኣብ ጥቅሚ ክወእሉ ክገብሩ ይግባእ ወይከዓ ጠቐምቲ ዝኾኑ ሚዳእታ ክንእክብ ካለና ንፅንዓትና፣ ንዕብየት ንፈጠራ፣ ቅድሚ ዕዳጋ ምውዓሉም ወይከዓ ንሽቀጥ ክነወእሎም ንክእል፡፡

(ለ) ንዘረሜል ሃፍቲታት ንዘቅርቡን ንዝጥቀሙን ሰባት ምብርትታዕ ንሓባር ስምምዕ ዝረድኡ ቃላት ምጥቃም፡ እዚኦም ድማ ሚዳዕታታት ንምልወዋጥ ይጠቅሙ፡፡ ንዚኦም ቃላት ኣብ ተግባር ንምውዓል ሪፖርት ንምፅሃፍ ኣብይ ሓገዝ ይሕበና፡፡

(ሐ) ብዙሕ ገንዘብ ዘፍሓቱ ንምርድዳእ ዝሕግዙ ሜካርሒታትን መንገዲታትን ክጥቀሙ ምትብባእ፡፡

2. ብአንቀፅ 6 ምዕራፍ 3 (ሰ) ማስረት ፍቃድ ወይከዓ ተመጣጣኚ ዝኾነ ቃል ምጥቃም፡ ኣድላይ ተኾይኑ ተበፃሐነትን ረብሓ ምምቃልን ዓለም ለኸ ተቀባሊነት ዘለዎ ናይ ወድድር ሰርተፊኬት ምትሃዝ የድሊ፡፡

3. ናይ ዓለምለኸ ተቀባሊነት ዘለዎ ናይ ወድድር ሰርተፊኬት ምሓዝ ናይ ዘረመላዊ ገብቲታት ክንደይ ቦታ ከምዝሽፈኑን ከምዝተባፅሑንቅድም ኣቢሉ ዝተገለፁን ዝተስማምዑን ቃላት ከምዝለው ከምሚዳእታ ክቀርብ ይክእል፡፡ ከምኡወን ኣብሃገር ወሽጢ ተበፃሐነትን ረብሓ– ምምቃልን ሕጊ ወይከዓ ናይ ሕጊ መመዘኒታት እቲ ኣካል ክንደየሃይ ከምዝቅረበ ንምፍላጥ ይረድእ፡፡

4. ዓለምለኸ ተቀባሊነት ዘለዎ ናይ ወድድር ሰርተፊኬት ነቶም ዝስእሉ ዝተወሰኑ ሚዳእታታት ክሕዝ ኣለዎ፡፡ ኣተኣማማኚ ንምኳን፣

(ሀ) ዝሃቦ ባዓል ስልጣን
(ለ) ክተሃበሉ ዕለት
(ሐ) ዘቅርብ ሰብ
(መ) ናይቲ ሰርተፊኬት ዝተፈለየ መለለይ
(ሠ) መጀመሪያ ንክዋሃቦ ዝሓተተ ሰብ
(ረ) ዝጠቅሶ ነገር ወይከዓ በቲ ሰርተፊኬት ታይ ዓይነት ናይዘረመላዊ ሃፍቲታት ይቀርቡ፣
(ሰ) ብሓባር ዝተስማምኡ ቃላት መዓዝ ከምዝኮኑ ዝተረጋገፀሉ
(ሸ) ቅድም ኣቢሉ ዝተጠቀሰ ነገር ንምሕላው ሚጋገፂ
(ቀ) ንንግዲ ወይከዓ ንዘይንግዲ ዝጥቀምሉ

## ኣንቀጽ 18

## ብሓባር ዝተስማምዑሎም ቃላት ዘሚልእዎ ነገር

1. ኣንቀፅ 6 ምዕራፍ 3 (ሰ) (i)ን ኣንቀፅ 7 እንትትግበር ከሎ ሕድ ሕድ ወገን ንዘረመላዊ ሃፍቲታትን ባህላዊ ፍልጠት ንዘቅርቡን ንዝጥቀሙ ሰባት ከተባብዑ ይግባእ፡፡ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰሩ ባህላዊፍልጠታት ብሓባር ዝተስማምዕሎም ቃላት ክኣትዉን ሕጊ ክወፅኣሎም ይግባእ፡፡ ዘየስምምዑ ሃገራት ተባሒልም ዝጥቀሱ፣

ሀ. ዘየስማምዑ ሃገራት እንታይ ከምዝኾኑ ምጥቃስ ፍታሕ ንምሃብ ዝተፈላለየ መንገዲ ምጥቃም፣

ለ. ዝትግበር ዝግብኦ ሕጊ

ሐ. ካልኦት መፍትሒ ዝኾኑ ኣማራፂታት ምውሳድ ንኣብነት ናብ ዳያኑ ነቲ ነገር

ምውሳድ፣

2. ሕድ ሕድ ወገን ናይባእሎም ሕጋዊ መንገዲታት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ መሣሪታት ምውሳድ፡፡ ነዚ ክገብሩ ከለው ናይቲ ሕጊ መመዝኒታት ኣብ ረብሓምዋል፡፡ብፍላይ ብሓባር ዝተስማማዑሎም ሃገራት ፀገም ዝፈጥሩ ተኮይኖም ደጊምካ ምርኣይ፡፡

3. ሕድ ሕድ ወገን ወፅኢታዊ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ፡፡

ሀ. ፍትሒ ንኸሎክባፃሕ ምግባር

ለ. ሓደ ኣይነት ምርድዳእ ንምፍጣር ዝተፈላለዩ መንገዲታት ምጥቃምን ናይ ወፃእ ናይ ዳያኑ ወሳነታት ኣብቲ ሃገር ወሽጢ ክትግበሩ ምትብባእ፡፡

4. ናይዚ ኣንቀፅ እዚ ወፅኢታውነት ብኩሎም ወገናት ኣብቲ ኮንፈረንስ ተራእዩ ነይሩ፡፡ ኩሎም ወገናት እቲ ፕሮቶኮል ብኣንቀፅ 31 መሰረት ክትግበር ተስማሚዖም ዮም፡

## ኣንቀፅ 19

## ኣብነት ዝኾኑ ናይ ስምምዕ ሓረጋት

1. ሕድ ሕድ ወገን ኣብቲ ሃገር ወሽጠን ካብ ወፃኢ ሃገር ዝርኸቡ ናይ ስምምዕ ሓረጋት ክዓብዩን እዋናዊ ኸኾኑን ኣድላይ ዝኾነ ምትብባዕ ክገብር ይግባእ፡፡

2. ኩሎም ወገናት ዝተሳተፍሉ ኮንፈረንስ ናይ ኩሎም ወገናት ኣኼባ ከምዝምዕኑ ማጠን ናይ ሃገር ወሽጠን ናይ ወፃኢ ሃገር ናይ ስምምዕ ሓረጋት ንቲ ፕሮቶኮል ኣብነት ኮይኖም

## ኣንቀፅ20

ናይ ስምምዕ ደንቢታት፣ መምርሒታትን ፅቡቅ ተሞክሮታት ወይከዓ ደረጃታት፣

1. ሕድ ሕድ ወገን ተቀባሊነት ዘለዎም ናይ ስምምዕ ደንቢታት፣ መምርሒታት ፅቡቅ ተሞክሮታት ወይከዓ ደረጃታት ከምኩነታቱ ክበረታትዕ፣ ንክኣብዩ ሓገዝ ምግባር እዋናዊ ኸኾኑ ተበፃሕነትን ረብሓዖም ቃልን ክረጋግፁ ምግባር ይግብኦ፡፡

2. ኩሎም ወገናት ዝተሳተፍሉ ኮንፈረንስ ነዚ ፕሮቶኮል ንምፍራም ዝተኣከበሉ ከምዒኑ ማጠንተቀባሊነት ዘለዎምናይ ስምምዕ ደንቢታት፣ መምርሒታት፣ ፅቡቅ ተሞክሮታት ወይከዓ ደረጃታት ኣብ ግምት ወሽጢ ምእታው ይግብኦም፡ ብተወሳኪውን ፍሉይ ዝኾኑ ደንቢታት፣ መምርሒታት፣ ፅቡቅ ተሞክሮታትን ደረጃታትን ናብ ተግባር ክልወጡ ፃዕሪ ክገብሩ ኣለዎም፡

# ኣንቀፅ 21

## ግንዛበ – ምዕባይ / ምልዕኣል

ሕድ ሕድ ወገን ዘረመላዊ ሃፍቲታትን ምስኡ ዝተኣሳሰረ ባህላዊ ፍልጠት ዘለዎም ረብሓ ኸሉ ሰብ ክፈልጥ ናይ ግንዛበ ምልዕኣላት ስራሕቲ ክሰርሕ ይግባእ፡፡ ከምኡውን ተባፃሐትን ረብሓ ምምቃል ዝማስሉ ሃገራትውን ሓቢሮም ክረኣዩ ምግባር ይግባእ፡፡ ነዚ ነገር እዚ ንምትግባር ዝወሰዱ ስጉምቲታት፣

ሀ. ነዚ ኘሮቶኮል እዚ ምስ ዕላምኡ ምፍላጥ

ለ. ናይቲ ሃገር ተወለድቲ ሰባትን ማሕበረሰባትን ሰብ ብፅሐትን ዝጠምር ኣኼባ ምዝግጃው፡፡

ሐ. ንወዲ ዓዲን ንማሕበረሰባትን ንሰብ ብፅሐትን ብቐለሉ ዝሕገዝሉ ትካል ማማስራት፣

መ. ብደረጃ ሃገር ሚዳእታ ዝህብ ትካል ምማስራት

ሠ. ናይ ስምምዕ ደንቢታት፣ ማማርሒታት፣ ፅበቅ ተሞክሮታት ወይከዓ ደረጃታት ንወዲ ሃገር፣ ንማሕበረሰብን ንሳብ ብፅሐት ምፍላጥ፣

ረ. ናይ ወሽጢ ሃገር፣ ናይ ክልል፣ ብደረጃ ዓለም ዝተረኸቡ ልምዲታት ምልወዋጥን ምፍላጥን፣

ሰ. ንዘረመላዊ ሃፍቲታትን ምስኡ ዝተኣሰረ ባህላዊ ፍልጠት ዝጥቀማ ዝቅርቡ ሰባትን ዘለዎም ተበፃሕነትን ረብሓ ምምቃልን ዝምልከቱ ሕጊታትን ማማርሒታትን ምምሃርን ስልጠና ምሃብን፣

ሸ. ወዲ ዓዲ፣ ማሕበረሰባትን ሰብ ብፅሐትን እዚ ኘሮቶኮል እዚ ናብ ተግባር ክኣትው ክሎ ኣዶም ኣእትዮም ክዋስኡ ምግባር፣

ቀ. ናይቶም ወዲዓዲንሕበረሰባትን ኘሮቶኮልን ማሜሪሒታትን እቲ ማሕበረሰብ ክፈልጦን ክግንዘቦን ዝተፈላለየ ትምህርቲ ምሃብ፣

# ኣንቀፅ 22

## ዓቕሚ ህንፀት

1. ኩሉም ወገናት ዓቕሚ ህንፀት ንምትግባር ክተሓባበሩ ይግባእ፡፡ ዓቕሚ ብምዕባይ፣ ሃፍቲ ሰብ ብምጥንካር ናይ ትካል ዓቕሚ ብምጥንካር እዚ ኘሮቶኮል እዚ ወፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ንክትግበር ክተሓባበሩ ይግባእ፡፡ ነቲ ተግባር ዝፍፅሙ ዝኣብዩ ሃገራት ብፍላይ ትሑት እቶት ዘለዎም ሃገራትን እና እሽታይ ደሴታትን ዩም፡ ኣብዚ ብተወሳኪ ኢኮኖሚ ዘንቀሳቕሱ ወገናት፣ ዓለም ለኸ፣ ክልላዊን ሃገራዊ ትካላት ነዚ ተግባር ክፍፅሙ ይግባእ፡፡ ብዚ ማሳረት ኩሉም ወገናት ወዲዓዲን ማሕበረሰባትን ሰብ ብፅሒታትን መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት፣ ወልቀ ትካላት ነዚ ተግባር ንክፍፅሙ ኹነታት ከማቻችወሉም ይግባእ፡፡

2. እንደምዕበሉ ዝርከቡ ሃገራት ብፍላይ ትሑት ዝኾነ ኢኮኖሚ ዘለዎም ሃገራትን እናሽተይ ደጌታት ዝርከቡ ወገናት ኢኮኖሚ ዘንቀሳቕሱ፣ ሃብታም ዝኾኑ ትካላት እቲ ስምምዕ ኣብ ሽትኡ ንክበፅሕ ብዓቕሚ ህንፀት ተግባር ክረባረቡ ይግባእ ነዚ ኘሮቶኮል ምትግባርውን እጃሞም ከወፍዩ ይግባእ፡፡

3. ነዚ ኘሮቶኮል ኣተገባብራ ኣድላይ ስጉምቲ ምውሳድ ግቡእ እንትኮነ ኳ ኣብ ዝኣብዩ ሃገራት ዝርከቡ ወገናት ብፍላይ ዝተሓተ ኢኮኖሚ ዘለዎም ሃገራት ኣናሽታዩ ደሴታትን ናይኢኮኖሚ ምምሕያሽ ዘምፅኡ ሃገራትን ዘድልዮም ሃገራዊ ህንፀት ታይ ኣይነት ከምዝኮነ፣ ቅድሚት ዝሕብሉ ነገር፣ ባእሎም ተገሚግም ክገልፁ ይግባእ፡፡ ኣዚ ንምትግባር ኩሉም ወገናት ንወዲ ዓዲን ንማሕበረሰብን ቅድሚት ክሰርኡ ይግባእ፡፡ ካብዚ ብተወሳኪውን ንደቀንስቲዮ ጠምት ክገብሩሉን ይግባእ፡፡

4. ነዚ ኘሮቶኮል ናብ ተግባር ንምውዓል ሃገዝ ዝገብሩ ዓቅሚ ህንፀትን ዕብየትን ዝሰርሑ ዝግብኦም ኣብቶም ዝስዕቡ ቁልፊ ሃነራት ዩ፡፡

ሀ. ዓቅሚ ኣተገባብራን ናይዚ ኘሮቶኮል ሕጊ ተገዛኢ ምዃን፣
ለ. ብሓባር ዝሰማምዑ ቃላይ ናይ ምፍላጥ ዓቅሚ
ሐ. ናይ ሃገር ወሽጢ ሕጊ፣ ምምሕዳራዊ ወይከዓ ፖሊሲ ምሕንፃፅ ተበፃሕነትን ረብሓ ምምቃልን ንምትግባር ነዚኦም ሃገራት ንምፍላጥ ዓቅሚ ህንፀት ኣድላይ ዩ፡፡
መ. ሃገራት ኣብ ወሽጦም ዝተሰርሑ ፃንኢታት ብምትብባእ፣ ኣቅሚታት ብምፍጣር ዘረመላዊ ሃፍቲታት ክወስኩን ክሜብሉን ዝገብር ዓቅሚ ህንፀት ምግባር፣

5. ካን ኣንቀፅ 1 ክሳብ 4 ዘለው ሃገራት ንምትግባር በቲ ኣንቀፅ ማስረት ዝወሰድ ስጉምቲ ዝሕዞም ሃገራት፣

ሀ. ናይ ሕጊን ናይ ትካል ዕብየት፣

ለ. እትሃዊን ሜዕረ ዝኾነ ስምምዕ ክግበር ምትብባእ፡፡ ብሓባር ንምስምሟእ ዘክእሉ ቃላት ዝምልከት ስልጠና ምሃብ፡፡

ሐ. ዝወፁ ማምርሒታት ምቁፅፃርን ናብ ተግባር ክኣትው ምግዳድ፣
መ. ናይ ሜሉኩቢ ማስርሒታት ብቐሊሉ ተባፃሒ ዝኾነ ምዝግጃው ንኢንተርኔት ማስረት ዝገበረ ተበፃሕነትን ረብሓ ምምቃልን ዘሳልጥ መንገዲ ምጥቃም፡፡
ሠ. ግምታዊ ዝኾኑ መንገዲታት ምጥቃምን ምፍላይን
ረ. ምስ ስነ ሕይወት ዝተኣሳሰረ ፅንዓት ምግባር፣
ሰ. ናይ ቴክኖሎጂ ስግግር፣ ማስረተ ልማት ምምላእ፣ ነቲ ቴክኖሎጂ ስግግር ዝተሳለጠ ንምግባር ቴክኒካዊ ዝኾነ ዓቅሚ ህንፀት ምክያድ፡፡ ስልጠናታት ምውሳድ ኣድላይ ዩ፡፡
ሸ. ተበፃሕነትን ናይ ረብሓ ምምቃል ተግባራዊ ንብዝሃ ሕይወት ብቀፃሊነት ንምጥቃምን ከይጉዳእ ንምሕላውን ዝለዓለ ተራ ከምዝፃወት ንዝምልከቶም ኣባላት ምሕባር፡፡
ቀ. ግዱሳት ሰብ ብፅሒት ንተበፃሕነትን ንረብሓ ምምቃል ዝሰርሕዎ ስራሕቲ ብዝበለፀ ንክቅፅሉሉ ፍሉይ ዝኾነ ጠምት ምሃብ ዓቅሚ ህንፀትውን ምግባር፡፡
በ. ወዲ ዓዲን ማሕበረሰባትን ንደቀኣንስቲዮ ፍሉይ ጠምት ክሕቡ ብምግባር ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ተበፃሕነት ክነብሮ ከምኡውን ናይ ባህላዊ ፍልጠት ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝተኣሳሰሩ ብኣግባብ ኣብ ጥቅሚ ክወእሉ ንምግባር ዓቅሚ ህንፀት ብምግባር ፍሉይ ጠምት ምሃብ፡፡

6. ብሃገር፣ ብክልልን ብዓለምለኸ ደረጃታት ዝሰርሑ ናይ ዓቅሚ ህንፀትዕብየትን ሜዳእታታት ዝትግበሩሉ ኣንፈት ካብ 1 ክሳብ 5 ብዝትጠቀሱ ዝርዝራት ኾይኑ ንተበፃሕነትን ንረብሓ ምምቃል ማስረት ገይሮም ዮም ዝትግበሩ፡፡ እዚኦም ሃገራት ኣብ ሽትኡ ንምበፃሕ ምትሕብባርን ዓቅሚ ህንፀትን ዋና መሳርሒ ዮም፡፡

## ኣንቀፅ 23

## ምስግጋር ቴክኖሎጂ ምትሕበባርን ምትሕግጋዝን

ናይቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 15፣16፣18ን 19 መሰረት ብምግባር ኩሉም ወገናት ብቴክኒካል፣ ብሳይንሳዊፅንዓትን ብዕብየት ኘሮግራም ክተሓባበሩን ክተሓጋገዙን ይግባእ፡፡ ናይ ባዮሎጂካል ፅንዓት ተግባራት ሓዊሱ ናይቲ ኘሮቶኮል ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ፃዕሪ ክገብሩ ይግባእ፡፡ ኩሉም ወገናት ቴክኖሎጂ ክባፃሕ፣ ናይ ቴክኖሎጂ ስግግር ክካየድ ዝምዕብሉ ወገናት ክተባብኡ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ዘይምዕበላ ሃገራትን ኣናሽተይ ደሴታት ዝምዕበሉ ማንግስቲታት፣ ኢኮኖሚ ዘንቀሳቀሱ ትካላት ናይቲ ስምምዕ ዕላማ ኣብሽትኡ ንክበፅሕ ተስማሚ ዝኾነ ቴክኖሎጂን ሳይንሳዊ መንገዲ ብምትላም ሓገዝ ክገብሩ ይግባእ፡፡ ዝካኣልን ኣድላይን ዝኾነ ናይ ምትሕበባር ተግባራት ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝጥቀሙ ዘቅርቡን ወገናት ክፍፅሞ ይግባእ፡፡ በቲ ስምምዕ መሰረት ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዝርከበሉ ሃገር ንካልኦት ወገናት ብቀሊሉ ክረክብዎ ናይምግባር መሰል ኣለዎ፡፡

## ኣንቀፅ 24

## ናይቲ ስምምዕ ወገናት ዘይኾኑ

ኩሉም ወገናት ናይቲ ስምምዕ ወገናት ዘይኾኑ ሰባት ነዚ ኘሮቶኮል እዚ ንክፈልጡዎ ናይ ተበፃሕነትን ናይ ረብሓ ምምቃል ዝምልከት ኣድላይ ዝኾነ ሚዳእታ ክሕቡን እጃሞም ከወፍዩን ከበረታትዕዎም ይግባእ፡፡

## ኣንቀፅ 25

## ሃፍቲታትን ናይ ገንዘብ ኣጠቓቕማ

1. ነዚ ኘሮኮል ናብ ተግባራት ንምልዋጥ ዘድልዩ ናይ ገንዘብ ሃፍቲታት ዝምልከት ኩሉም ወገናት ናይቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 20 ኣብ ግምት ምእታው ይግብኦም፡

2. ናይቲ ስምምዕ ናይ ገንዘብ ኣጠቓቕማ መምርሒ ነቲ ኘሮቶኮል ናይ ገንዘብ ኣጠቓቕማ ኮይኑ የገልግል፣

3. ኣብዚ ኘሮቶኮል ብኣንቀፅ 22 ዝተጠቀሰ ዓቕሚ ህንፀትን ዕብየትን ዝምልከት ናይቶም ወገናት ኮንፈረንስ ከምዚ ኘሮቶኮል ኣኼብ ኮይኑ የግልግል ዩ፡፡ ናይ ገንዘብ ኣጥቃቕማ መብርሒ ኣብ ኣንቀፅ 2 ዝተጠቀሰ ኣብቲ ኮንፈረንስ ብኩሉም ወገናት ተቀባሊነት ሪከቡ ዩ ዝምዕበሉ ሃገራት ወገናት ብፍላይ ትሑቕ ኢኮኖሚ ንዘለዎም ሃገራት ፍሉይ ጠመት ክገብሩ ይግባእ፡፡

4. ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ብዘሎ ኣንቀፅ 1 ኩሉም ወገናት ናይ ዝምዕበሉ ሃገራት ድሌት ኣብ ግምት ወሽጢ ምእታው ይግብኦም፡ ብፍላይ ትሑቕ ኢኮኖሚ ዘለዎም ሃገራት ኣናእሽተይ ደሴታት ዝምዕበሉ ሃገራት ይርከብሉ፡፡ ኢኮኖሚ ዘንቀሳቕሱ ሰባት ዓቅሚ ህንፀት ብምትግባር ናይ ዕብየት መመዝኒታት ብምጥቃም ናይቲ ኘሮቶኮል ዕላማ ኣብሽትኡ ክበፅሕ እጃሞም ከወፍዩ ይግባእ፡፡

5. ናይቲ ስምምዕ ናይ ገንዘብ ኣጠቓቕማ ማሞርሒ ኣብቲ ኮንፈረንስ ወሳነ ዝተወሃበሉ ኣድላይ ነገር ዩ፡፡ ነቲ ፕሮቶኮል እዚ ቅድሚ ምስምምኦም ብክልተ ሓሳብ ደረጃ ተኣማሚምሙ ዮም፡፡ ነዚ ኣንቀፅ እዚ ናብ ተግባር ንምጜዋጥ ነቲ ፕሮቶኮል ምጥቃስ ይካኣል ዩ፡፡

6. ዝማዕብሉ ሃገራት ወገናት ሃገዝ ክሕቡ ይክእሉ፡፡ ክማዕብሉ ሃገራት ወገናትን ኢኮኖሚ ዘንቀሳቕሱ ሰባትን ገንዘብን ካልኦት ፍልፍላት ብምቕራብ እቲ ፕሮቶኮል ናብ ተግባር ዝኣትወሉ ባይታ ከማቻቸው ይክእሉ፡፡ ነዚ ነገር ብሓባር፣ ብክልል ወይከዓ ናይ ምትሕግጋዝ መንገዲታት ክከተሉ ይግባእ፡፡

## ኣንቀጽ 26

ናይቶም ወገናት ኮንፈረንስ ንዚ ፕሮኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼበ ኾይኑ የግልግል

1. ናይቶም ወገናት ኮንፈረንስ ንዚ ፕሮቶኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼበ ኾይኑ የግልግል፡፡

2. ናይቲ ስምምዕ ኣባል ዝኾኑ ወገናት ግና ናይ ፕሮቶኮል ኣባል ዘይኾኑ ወገናት ኣብቲ ኣኼበ ታኣዛቢ ዝነበሩ ወገናት ነቲ ፕሮቶኮል ክፍረም ከሎ ኣብቲ ኣኼበ ዝነበሩ ሰባት ሕዚወን ከምተኣዛባይ ኮይኖም ክወሰዱ ይካኣል ዩ፡፡ ናይቶም ወገናት ኮንፈረንስ ከም ወገናት ኣኼበ ኮይኑ ዘግልግል እንተኮይኑ ብቲ ፕሮቶኮል ዝወሰኑ ወሳነታት ነቲ ዝፈረሙ ጥራሕ ዩ ብቲ ፕሮቶኮል ዝወሰኑ ወሳነታት ነቲ ዝፈረሙ ወገናት ጥራሕ ዩ ዘግልግል፡፡

3. ናይቶም ወገናት ኮንፈረንስ ከም ወገናት ኣኼበ ኾይኑ ዩ ዘግልግል፡፡ እቲ ኣኼበ ድማ ፕሮቶኮል ንምፍራም ኣብፂሁ፡፡ ዝኾነ ይኹን ናይቲ ኮንፈረንስ ኣባል ብቲ ስምምዕ ማስረት ተወካሊ ክቕምጥ ይክእል ዩ፡፡ ኣብቲ እዋን ግና ኣባል ዘይኾነ ወገን ንዝተመረፁ ወገናት ክትክእ ኣይክእልን፡፡ በቲ ፕሮቶኮል ማስረት ወን ክምረፅን ኣይክእልን፡፡

4. ናይቶ ወገናት ኮንፈረንስ ከም ወገናት ኣኼበ ኾይኑ ዩ ዝርኣይ በዚ ፕሮቶኮለ መሠረት፡፡ ነዚ ፕሮቶኮል ንምትግባር ቀፃላይነት ዘለዎ ጠመተ ምግባር ኣድላይ ዩ፡፡ ነዚ ዕድል ብምጥቃም ዝወሰኑ ወሳነታት ወፅኢታዊ ብዝኾነ ሜልከኡ ተግባራዊ ክኾውን ግድን ዩ ዝርዝር ተግባራትወን በቲ ፕሮቶኮል ማስረት ምወፅእ ኣድላይ ዩ እቶም ዝርዝር ተግባራትወን፡ –

ሀ. ነዚ ፕሮቶኮል ተግባራዊ ንምግባር ኣድላይ ዝኾኑ ሪኢቶታት ምእካብ ኣድላይ ዩ
ለ. ዝሜልከቶም ኣካላት ነዚ ፕሮቶኮል ኣብምትግባር እጃሞም ከወፍዩ ምትብባእ ምግባር፡፡
ሐ. ኣድላይ ዝኾነ ምትሕብባርን ግልጋሎትን ምድላይን ኣብ ጥቅሚ ምውዓል፡፡ ብኣለምኣ'ሽ ትካላት ዝቀርቡ ሚዳእታታት ብኣግባቡ ንረብሓምዉዓል፡፡ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብቲ ተግባር ክዋስኡ ምግባር፡፡

መ. ብቲ ፕሮቶኮል ኣንቀፅ 29 መሠረት ዝተረኸቡ ሚዳእታታት ናብ ዝሜልከቶም ኣካላት ቀልጢፉ ከማሓላለፍ ምግባር፣ ዝኾነ ይኹን ኣካል ዘቅርቦ ሚዳእታን ሪፖርትን ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ምርኣይ፣
ሠ. ኣብቲ ፕሮቶኮልን ኣብቲ ተወሳኪ ሚዳእታን ዝቀረቡ ማሞርሒታትን መማሓየሽ ሃሳባትን ኣብ ግምት ኣእቲካ ምትግባር፣ ብተወሳኪውን ንቲ ፕሮቶኮል ዝሜልከቱ ተወሳኪ ሚዳእታታት ነቲ ፕሮቶኮል ንምትግባር ኣድላይነት ስለዘለዎም ናይ ረብሓምዉዓል፡፡
ረ. እቲ ፕሮቶኮል ኣብ ተግባር ክወእል ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ሃገራት ምትግባር፣

5. ኣብቲ ኮንፈረንስ ዝተተግበሩ ማጥርሒታትን ናይቲ ስምምዕ ገንዘብ ኣጠቃቀማ ዝምልከት ሕጊ ናብ ተግባር ክልወጡ ይግባእ፡፡ ኩሉም ወገናት ኣብቲ ፕሮቶኮል ዝተስማምኡሉ ሃገራት ናይቲ ፕሮቶኮል ኣኼብ ኮይኑ የግልግል፡፡

6. ናይቲ ኮንፈረንስ ናይ መጀመሪያ ኣኼብ ነዚ ፕሮቶኮል ዝፈፀሙ ወገናት ኣኬባ ኮይኑ የግልግል፡፡ ብቲ ሴክሪታሪያት ትካልወን ተቀባሊነት ይረክብ፡፡ እዚ ፕሮቶኮል ናብ ተግባር ክኣትው ከሎ ናይቲ መጀመሪያ ኣኼብ ወሳነታት ከምዝለው ይቅበሉም ሓንደበታዊ ኣኼብ ብኩሉም ወገናት ተተኻይዱን ወሳነታትወን ተሓሊፎም ነቲ ፕሮቶኮልወን ከምዝሉ የግልግል፡፡

7. ናይቲ ኮንፈረንስ ሓንደበታዊ ኣኼብ ነቲ ፕሮቶኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼብ ኮይኑ የግልግል፡፡ ኣብ ካልእ ሜእልቲወን እቲ ኮንፈረንስ ተተኻይዱ ናይ ኩሉም ወገናት ኣኼብ ኮይኑ የግልግል፡፡ ዝኾነ ይኹን ወገን ብፅሑፍ ኣኼብ ይገበረለይ ኢሉ እንተሓቲቱ ካብ 6 ወርሒ ብዘይበለፀ ኣኼብ ክፅዋእ ይካኣል ዩ፡

ናይዚ ኣኼብ ግና ስለዝኾኑ ወገናት ክድግፍዎ ይግባእ፡፡

8. ናይ ሕቡራት መንግስቲታት ፍሉይ ትካላት ዝኾኑን ዓለምላኸ ኤጀንሲ ኣቶሚክ ኢነርጂ ብተወሳኪወን ዝኾነ ይጭዋ ናይ መንግስቲ ኣባል ተኣዛቢ ወገናት፣ ናይቲ ስምምዕ ኣባል ዘይኾኑ ወገናት ኣብቲ ኣኼብ ናይተኣዛቢነት ማሳል ክረክቡ ይግባእ፡፡ ዝኾነ ይኹን ትካል፣ ኤጀንሲ ብሔራዊ ወይከዓ ዓለምላኸ፣ መንግስታዊ ወይከዓ ዘይመንግስታዊትካለት በዚ ፕሮቶኮል ዝተገለፀሃገራት ይምልከቶም ዩ፡፡እቲ ሴክሬታሪያት ድማ እዚኦምትካላት ኣብቲ ኣኼብንክረኸቡ ክእድማምዩክእል ዩ፡፡ ነቲ ኣኼብ ክእዘቡ ዝክእሉ ግናሲሶ ዝኾኑ ወገናት ኣብቲ ኣኼብ ናይተኣዛቢነት ማሳል ክረክቡ ይግባእ፡፡ ዝኾነ ይኹን ትካል፣ ኤጀንሲ ብሔራዊ ወይከዓ ዓለምላኸ፣ መንግስታዊ ወይከዓ ዘይመንግስታዊ ትካላት በዚፕሮቶኮል ዝተገለፁ ሃገራት ይምልከቶም ዩ፡፡ እቲ ሴክሬታሪያት ድማ እዚኦም ትካላት ኣብቲ ኣኼብ ንክረኸቡ ክእድማም ይክእል ዩ፡፡ ነቲ ኣኼብ ክእዘቡ ዝክእሉ ግና ሲሶ ዝኾኑ ወገናት ነቲ ሓሳብ ክድግፍዎ ጥራሕ ዩ፡፡ ኣብዚ ኣንቀፅ እዚ ዝተገለፆ ነገር ተግባራዊ ዝኾወን ኣብ ላዕሊ ኣንቀፅ 5 ዝተገለፁ ናይተኣዛባይ ምዝገባን ተሳታፋይነት ዝብሉ ሃገራት እንተተሟሊኦም ዩ፡፡

## <u>ኣንቀፅ 27</u>

## <u>ሓጋዚ ወገናት/ ኣካላት</u>

1. ዝኾነ ይኹን ሃጋዚ ኣካል በቲ ስምምዕ ማሰረት ይምስረት ወይከዓ ነቲ ፕሮቶኮል ተጠቂምካ ክተጣይሽ ትክእል ኢካ፡፡ ኣብቲ ኮንፈረንስ ዝተወሰነ ወሳነ ወሳነ ነቲ ፕሮቶኮል ንምፍራም በቶም ኣካላት ዝተኻየዱ ኣኼብ ኾይኑ የግልግል፡፡ ኩሉም ወሳነታት ዝሰርሑ ስራሕቲ ንፁር ብዝኾነ መንገዲ ክቅምጥ ይግባእ፡፡

2. ናይቲ ስምምዕ ወገናት ናይቲ ፕሮቶኮል ኣባል ዘይክኾይኑ ይክእሉ፡፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣኼብ ግና ከምተኣዛባይ ኮይኖም ክቅመጡ ይክእሉ ዮም፡፡ ኣብቲ ስምምዕ ሃጋዚ ወገናት ዝነበሩ ሰባት ኣብቲ ፕሮቶኮልወን ተኣዛቢ ኾይኖም ክርኸቡ ይክእሉ ዮም፡፡ ብቲ ፕሮቶኮል ዝወሰኑ ወሳነታት ነቲ ፕሮቶኮል ዝፈረሙ ጥራሕ ዮም፡፡ ተሳታፊ ዝኾኑ፡፡

3. ናይቲ ስምምዕ ሃጋዚ ኣካላት በቲ ፕሮቶኮል ማሰረት ስርሖም ይሰርሑ ናይቶም ሃጋዚ ኣካላት ኣባል ብቲ ስምምዕ ማሰረት ንካልኦት ወገናት ተኪኡ ክቀርብ ይክእል፡፡ ግና

ንዝተሚሪፁ ኣካል ዝኾነ ይኹን ሃጋዚ ኣካል ክትክአ ይግባኣን፡፡ በቲ ኘሮቶኮል ማስረት፡፡

## ኣንቀፅ 28

## ቤት ፅሕፈት

1. በቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 24 ማስረት ቤት ፅሕፈት ይጥየሽ፡፡ ናይቲ ኘሮቶኮል ቤት ፅሕፈት ኾይኑ የግልግል፡፡

2. በቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 24 ምዕራፍ 1 ማስረት ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይትግበሩ፡፡ ነቲ ኘሮቶኮልወን የግልግሉ፡፡

3. ፍሉይ ዝኾኑ ሃገራት እንተኣጋጠየም እቲ ቤት ፅሕፈት ንዝህቦ ግልጋሎት ወፃኢ ዝገብሮ ነቲ ኘሮቶኮል ብዝፈረሙ ወገናት ይሸፈን፡፡ እቲ ኮንፈረንስ ነቲ ኘሮቶኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼበ ኮይኑ የግልግል፡፡ ኣብ መጀመሪያ ኣኼበኡ ኣድላይ ዝኾኑ በጀታት ኣማኣራርዩ ይወድእ፡፡

## ኣንቀፅ 29

## ቁፅፅርን ሪፖርት ምግባርን፤

ሕድ ሕድ ወገን ኣብቲ ኘሮቶኮል ዘለው ማጥርሒታት ናብ ተግባር ምውዓሉም ክቆፃፀር ይግባእ፡፡ ኣብቲ ኮንፈረንስ ብከሉም ወገናት ወሳነ ዝተበፅሓሉም ኣተገባብራን እዋንን ክቆፃፀር ይግባእ፡፡ ናቲ ኮንፈረንስ ወሳነታት ናይቲ ኘሮቶኮል ወሳነታት ኮይኖምዝግልግሉ ስለዝኾኑኣብቲ ኮንፈረንስ ዝቀረበ ሪፖርት ናይቲ ኘሮቶኮል ሪፖርት ኮይኑ ስለዘግልግል ነቲ ኘሮቶኮል ናብቱግባር ንምልዋጥ ዝተወሰዱ ስጉምቲታት ክግለፁ ይግባእ፡፡

## ኣንቀፅ 30

## ኣብቲ ኘሮቶኮል እዚ ክሜልኡን ክበረታቱኡን ዝግብኦም ቅደም ሰኣባትን ማነገዲታትን

እቲ ኮንፈረንስ ነቲ ኘሮቶኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼበ ኮይኑ የግልግል ብመጀመሪያ ኣኼበኡም ናይምትሕበባት ማነገዲታትን ናይ ትካላትማነገዲታት ብዚ ኘሮቶኮል ማስረት ክሜልኡን ክበረታትዑን ኣብ ግምት ወሽጢ ኣትዩ ዩ፡፡ እዚኦም ቅደም ሰኣባትን ማነገዲታትን ምክሪታትን ሓገዛትን ይጠምር ዩ፡፡ ኣብ ምንጉኡም ጉንፅታት እንተጋጠየም ብቲ ስምምዕ ኣንቀፅ 27 ማስረት ፍታሕ ይረከቡ፡፡

## ኣንቀፅ 31

## ገምጋምንዳሕሰሳዊ ፅሑፍ

እቲ ኮንፈረንስ ነቲ ኘሮቶኮል ዝፈረሙ ወገናት ኣኼበ ኮይኑ የግልግል ነዚ ኘሮቶኮል ናብ ተግባር ዝልወጥሉ ዕዋን ካብ ዝተስማምኡሉ ሃገራት ኹሉ ነቲ ኘሮቶኮል ንምፍራም ዝተኣኸበሉ ኮይኑ የግልግል፡፡ ናይቲ ኘሮቶኮል ወፅኢታውነት ዝምልከት ገምጋምውን ይገብሩ፡፡

## ኣንቀፅ 32

## ፊርማ

እቲ ፕሮቶኮል ብተስማሙ ወገናት ብሕቡራት መንግስታት ዋና ቤት ፅሕፈት ዝርከቡ ኣብ ኒዮርክ ካብ 2 ለካቲት 2011 ክሳብ 1 ለካቲት 2012 ንፊርማ ተዳልዩ ይቅመጥ፡፡

## ኣንቀፅ 33

## ናብ ተግባር ዝእተወሉ እዋን

1. እዚ ፕሮቶኮል ናብ ተግባር ዝኣትወሉ እዋን ኣብቶም ዝተስማሙ ወገናት ዝርከቡ መንግስታት ወይከዓ ናይ ክልላት ናይ ኢኮኖሚትሕበባር ዝገብሩ ትካላት ነቲ ስምምዕ ምስተቀበሉ፣ ምስ ኣፅደቅዎ፣ ማብል 15 መሳርሒ ምስተቀበልዎ ድሕሪ 19 መዓልቲ እዩ ናይ ተግባር ዝኣትው፡፡

2. እዚ ፕሮቶኮል እዚ ናብ ተግባር ዝኣትዎ እቲ መንግስቲ ወይ ከዓ ናይ ክልላዊ ምትሕበባር ትካላት ነቲ ፕሮቶኮል ተፅዲቆም ተተቀቢሎም ወይከዓ ኣብላዕሊ ኣብ ሚዕራፍ ሓደ ዝተገለፁ ሃገራት እንተተሟኺኦም ዩ፡፡ መንግስቲ፣ ናይ ክልላት ናይ ኢኮኖሚ ምትሕበባር ትካላት ዝወሰከ ነገር ወሲኮም ነቲ ስምምዕ ምስተቀበልዎ፣ ምስ ኣፅደቅዎ ድሕሪ 19 ማእልቲ እቲ ፕሮቶኮል ናብ ተግባር የኣትው፣

3. ኣብ ላዕሊ ምዕራፍ 1ን 2ን ተገሊፆም ዘለው ሃሳባት ብክልላት ናይ ኢኮኖሚ ምትሕበባር ትካላት ተቀሚጦም ዘለው ሃሳባት ልክእ ከምተወሳኪ ሃሳበት ገይሩ ናይ መንግሥቲ ኣባል ወይካዓ ትካል ክወስዶም ኣይግብኡን፡፡

## ኣንቀፅ 34

## ምዕቃብ

ነዚ ፕሮኮል እዚ ዝቃወም ዝኾነ ይኹን ሕጊ ክወፅእ የብሉን፡፡

## ኣንቀፅ 35

## ካብቲ ስምምዕ ምውፃእ

1. እዚ ፕሮቶኮል እዚ ናብ ተግባር ምስ ኣተወ ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝኾነ ይኹን ወገን ካብቲ ፕሮቶኮል ንዝምልከቶ ኣካል ናይ ፅሑፍ መመልከቲ ብምቅራብ ክወፅእ ይክእል ዩ፡፡

2. ካብቲ ፕሮቶኮል ዝወፅእ ወገን መመልከቲ ኣቅሪቡ ተቀባሊነት ምስረኸበ ድሕሪ ሓደ ዓመት ክወፅእ ይግባእ፡፡ ወይከዓ ኣብቲ መመልከቲ ካብዝተጠቀሰሉ ዕለት ጀሚሩ ክወፅእ ይክእል ዩ፡፡

## ኣንቀፅ 36

## ዝተኣማሙኑ ፅሑፋት

ናይዚ ፕሮኮል ዘይተቀድሐ ጽሑፍ ብኣረብኛ፣ ብቻይንኛ፣ ብእንግሊዝኛ ፣ ብፈረንሳይኛ፣ ብሩሲያኛን በስፓኒሽን ክተፅሃፉ ሜኾረ ዝኾነን ዝተኣማሙ ስለዝኾኑ ኣብቲ ሕቡራት መንግስታት ዋና ቤት ፅሕፈት ይቅመጡ፡፡

ነዚኣቶም ሃገራት ተረዲኦ- ብዘለኒ ሃላፊነት ተጠቂመ እዚ ፕሮቶኮል እዚ ወፅኢታዊ ክኸወን ኣብ ትሕቲ ተገሊፁ ብዘሎ ዕለት ፊርማይ የቅምጥ፡፡

ዝተፈረሙሉ ቦታ – ኣብ ናጎያ ብዒስራን ትሽኣተን ጥቅምቲ ክልተሽሕን ኣሰርተን፣

## <u>ተወሳኪ ሚዳእታታት</u>

## <u>ገንዘብን ገንዘብ ዘይኾኑ ረብሓታት</u>

1. ገንዘብ ዝምልከቱ ረብሓታት ከምዝስዕብ ይቀርቡ፡፡ ብዚኣቶም ጥራሕ ኣይወሰንን፣

ሀ. ናይ ተበፃሐነት ክፍሊት/ ብዝኣከብዎን ብዘምፅእዎን ማስረት
ለ. ኣድ ብኣድ ዝዋሃብ ክፍሊት
ሐ. ኮንትራክተር ዝዋሃቡ ክፍሊታት
መ. ንባዓል ስልጣን ዝከፈል ክፍሊት
ሠ. ንንግዲ ፍቃድ ዝከፈል ክፍሊት
ረ. ፍሉይ ዝኾነ ክፍሊት – ንብዝሃ ሕይወት ቀፃሊነትን ምሕላውን ዝግበሩ ናይ ገንዘብ ደገፋት
ሰ. ደመወዝን ዝሚፁ ናይ ስምምዕ ቃላት ዝምልከት ክፍሊት
ሸ. ንፅንዓት ተብሒሉ ዝግበር ሃገዝ
ቀ. ናይ ሓባር ፈተነ ንምግባር ዝዋሃብ ሃገዝ
በ. ብሓባር ዝወነኑ ናይ ፍልጠት ማሳላት ዝምልከት ክፍሊት

2. ገንዘብ ዘይኾኑ ረብሓታት ከምዝስዕቡ ይቀርቡ፡፡ ብዚኣቶም ጥራሕ ግን ኣይወሰንን

ሀ. ፅንዓት ምክፋልን ናይ ዕብየት ወፅኢታት ምክፋል፣
ለ. ምትሕግጋዝ፣ ምትሕብባርን ኣብ ሳይንሳዊ ፃንኢታት እጃምካ ምውፋይ፡፡ ኣብ ዕብየት ፕሮግራም ብፍላይ ኣብ ባዮ ቴክኖሎጂታት ናይ ፅንዓት ተግባራት ብምካተፍ ናይ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ቀፃሊነት ክሕልዎም ምግባር፡፡
ሐ. ኣብ ምህርቲ ዕብየት ተሳታፋይ ምኳን፣
መ. ኣብ ትምህርቲን ስልጠናን ምትሕግጋዝ፣ ምትሕብባርን እጃምካ ምውፋይን፣
ሠ. ንዘረመላዊ ሃፍቲታትን ንዳታ ቤዝ ዝምልከቱ ስራሕቲ ንክሰርሑ ኩነታት ምምዕራይን ኢድካ ኣእቲካ ምስራሕን፡፡
ረ. ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ንዘቅርቡ ሰባት ፍልጠት ምትሕልላፍ ፍትሓዊን ብዝምችው መንገዲ ገይርካ ቴክኖሎጂ ምትሕልላፍ እዋናዊን ተመራፂ ብዝኾነ መንገዲ ብፍላይ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ንዘረመላዊ ሃፍቲታት ክጠቅሙ ጌይርካ ትምሕርቲ ምሃብ ብተወሳኺውን ባዮቴክኖሎጂ ወይከዓ ንብዝሃ ሕይወት ቀፃላይነት ብዘለዎ

ማንገዲ ንረቡሓምዉዓልን ንምሕላወን ዝጠቅሙ ፍልጠታት ምማሃርን ምትሕልላፍን ኣገዳሲ ዩ፡፡

ሰ. ንቴክኖሎጂ ምትሕልላፍ ዝረድኡ ዓቅሚ ህንፀት ምጥንካር

ሸ. ትካላዊ ዓቅሚ ህንፀት ምትግባር

ቀ. ናይ ሰብን ማሕረሃፍቲታት ንምምሕዳርን ናይ ተበፃሐነት ማሞሪሓታት ንክፍፀሙ ዘሕግዙ ዓቅሚታት ንክፍጠሩ ምጥንካር፣

በ. ምስ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዘቅርቡ ሃገራት ማሉእ ተሳታፉይነት ክነብሮም ምግባር፡፡

ተ. ንብዝሐሕይወት ቀፃላይነት ብዘለዎ ማንገዲ ናብ ረቡሓምዉዓልን ምሕላወን ዘረድኡ ሳይንሳዊ ሚዳእታታት ተበፃሐነት ክነብሮም ምግባር፡፡ ናይ ባዮሎጂካልን ናይ ተክኖሚክ ፃንኢታት ክግበሩ ምትብባእ፡፡

ቸ. ናይ ሃገር ኢኮኖሚ ከኣቢ እጃምካ ምውፋይ

ኀ. ቅድሚት ንዘድልዩ ሃገራት ፅንዓት ምግባር ንኣብነት ጥዕናን ናይ ምግቢ ውሕስናን ቅድሚት ዝሰርኡ ሃገራት ዮም፡ ዘረመላዊ ሃፍቲታት ዘቅርቡ ሃገራት ብመጀመሪያ ናይ ወሸጢ ሃገሮም ደሌት ንምማላእ ክንቀሳቀሱ ይግባእ፡፡

ነ. ትካላዊን ሞያዊን ዝምድና ክብገስ ዝግብኦ ካብ ተበፃሐነትን ካብ ረብሓ ምምቃል ስምምዕን ካብ ምትሕብባር ተግባራት ዩ፣

ኘ. ምግቢን ናይ ማንባብሮ ውሕስና ረብሓታት

አ. ማሕበራዊ ኣፍልጦ

ከ. ብሓባር ዝወነኑ ናይ ፍልጠት ማሳላት ዝምልከት ረብሓ

ዓለምለኽ ወረቐት ኤስኤፍኣይ ኣለዎ (ቀፃላይነት ዘለዎ ናይዱር ምትብባእ) ናይ ምእባይ ሰንሰለት ሰርተፊኬት ኣብ ኩሉ ርሕቀት ይርከብ፡ እዚ ድማ ዘረጋግፆ ነገር እቲ ወረቀት ዝተፅሓፈሉ ዋና ምኽንያት ቀፃላይነት ዘለዎ ናይ ከባብያዊ ኣድላይተግባራትንምክራሕ ዩ፡፡ ብምዃኑወን ሜይን ኣየርን ፅሩያት ኽኾኑ ይግባእ፡፡ ብዝሃ ሕይወት ቀፃላይነቱ ክረጋገፅ ይግባእ፣ ደናት ንሓዋሩ እንዳተወድኡ ዮም፡ እዚ ወረቀት እዚ ካብተጠቀምቲ 10 ሜኢታዊ ዝሓዘ ዩ፡፡

# ኣብ ሰርቪሌ ሕታሞ ታሓቲሙ
# ጥሪ 2011ከም.ኤ.ኣ.
# ኢስቢን 92-9225-3050